# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.230 | ሰሉስ 27 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ገጽ 8

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ

ገጽ 9
ብስነ-ጥበብ ዝደመቐ ቅንያት


ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ቀዳማይ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣካየደት



## ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት መበል 34 ዓመት ናጽነት ጸንቢሉ



ቀዋሚ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኒውዮርክ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ ጽንብል ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ21 ግንቦት ዝተኻየደ ምዕሩግ ጽንብል፡ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ሕቡራት ሃገራት፡ ቀወምቲ ወከልቲ ሃገራት ኣብ'ቲ ውድብ፡ ኣብ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ዝሰርሑ ሞያውያን ኤርትራውያን፡ መሓዙት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ጋዜጠኛታትን ኣባላት ኣህጉራዊ መራኸቢታት ሓፋሽን ተሳቲፎም ነይሮም።

እቲ ጽንብል፡ ምስ ኤርትራን ኤርትራውያንን፡ ከምኡ'ውን ምስ ኤርትራዊ ባህሊ፡ ታሪኽ፡ መግቢን ክብሪታትን ብዝሓለ እንግዶት ዝተሰነየ ነይሩ።

## ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ሓርበኛ ወልደንኪኤል ኣብርሃ ተሰዊኡ



ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ጉዳም ተጋዳላይ ወልደንከኤል ኣብርሃ፡ ብ24 ግንቦት ኣብ መበል 87 ዓመት ዕድመኡ፡ ኣብ ኣስመራ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1961 ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ተወዲቡ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንናጽነት ዝፈለመ ብጻይ ወልደንከኤል ኣብርሃ፡ ኣብ 1974 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ምስላፉ፡ ኣብ ሰለስተኡ ውድባዊ ጉባኤታት ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኮይኑ ዝተመርጸን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ከገልግል ዝጸንሐን ሓርበኛ እዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ወልደንከኤል ኣብርሃ፡ ድሕሪ ናጽነት ሓላፊ ብዓል-መዚ ወደባትን መጎዓዝያ ባሕርን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሚኒስተር መጎዓዝያን መራኸቢታትን፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኮይኑ፡ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ብኣርኣያነት ዝመርሐን ዘገልገለን ሓርበኛ እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሚኒስተር ብጻይ ወልደንከኤል ኣብርሃ፡ ሎሚ ሰዓት 10:00 ቅድሚ-ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም እዩ።

## ጽንብል ናጽነት፡ ኣብ ቱርኪ፡ ቐጠር፡ ኩዌት፡ ላስቬጋስን ምዕራብ ኣፍሪቃን ብልዑል ድምቀት ተኻዪዱ

ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ "ማስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ቱርኪ፡ ቐጠር፡ ኩዌት፡ ላስቬጋስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ማለት ኣይቮሪኮስት፡ ጋናን ጊኒን ብልዑል ድምቀት ተኻዪዱ።

ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ቱርኪ ኣብ ከተማ ኢስታምቡል ኣብ ዘካየድዎ፡ መሓዙት ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝተረኸቡሉ ጽንብል፡ ናይ ክብሪ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ሙሕዪዲን መሓመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናጽነት ኤርትራ ሪዚን ዋጋ ዝሓተተ ምዃኑ፣ ንድምቀቱ ዝዓበ ጽንብላት ድማ ዚ. ዘጸር ከምዝሸፍኑ ብምጥቃስ፡ ከም ዜጋታት መሳርያም ኣስቲምምን ጥምረቶም ኣይልዳሎምን ኣበርክቶኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገረ ቐጠር ብ22 ግንቦት ኣብ ኣ'ደውሓ ኣብ ዘወደቦ፡ ዜጋታት፡ ዲፕሎማሰኛታትን ካልኦት ዕዱማትን ዝተረኸብሉ በዓል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘቕረቦ፡ ኣብ ጉዕዞ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዘተኩረ መደረ፡ 24 ግንቦት ጾሓይና መለአ ዝበረቐትላ ስለዝኾነት፡ ዜጋታት ኣብ ዝሰለዉ ሃልየም ብልዑል ክብሪን ሓበንን ከምዝጸንብልዋ ኣገዚቡ።

እቲ መደብ፡ ካብ ኤርትራ ዝኸዱ ዝርከብዎም ደምጻውያን ብዘድመቕዎ ስነ-ጥበባውን ባህላውን መሰናድኣታት ማዕርጊ ነይሩ።

ኣብ ኩዌት'ውን፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብ23 ግንቦት ኣብ ዘወደቦ ስነ-ስርዓት፡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት፡ ዲፕሎማሰኛታት መሓዙት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገበረሎም ተሳቲፎም ነይሮም።




ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኩዌት ኣቶ ሐመድ ያሕያ ሓሊ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ናጽነት ምስ ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምኽፋት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኩዌት ምግጣሙ ተወሳኺ ድምቀት ከምዝወሰኸሉ ብምሕባር፡ ዜጋታት ኣብ ህዝባዊ ዲፕሎማሲን ምዕዋት ሃገራዊ መደባትን ብንጥፈት ክዋስኡ ተላቢዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ላስቬጋስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ማለት ኣይቮሪኮስት፡ ጋናን ጊኒን ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ብበወገኖም ምዕሩግ ጽንብላት ከምዘካየዱ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ዜና

# ሳዋ - መበል 34 ዓመት ናጽነት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተጸንቢሉ





መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ሳዋ ብ23 ግንቦት ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተጸንቢሉ።

ኣቦ'ቲ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይን ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደን ዝርከብዎም ኣዘዝትን ሰታፋትን ዝተረኽብሉ ጽንብል፡ ኣባላት መበል 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፊ ከቕርቡ ከለው፡ ንበዓሉ ህዝቢ ኤርትራን ኣብኡ ዘሎ ሰራዊትን ሓደጋትን ዘኹልሕ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት ቀሪቡ።

ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕለተ ናጽነት - ንዝሓለፍናዮ ከቢድ ጉዕዞን ንዘኸፈልናዮ ረዚን ዋጋን እናስተንተንና፡ ንብሩህ መጻኢና እንቕድሰሉን ንዓጸፋ ስራሕን ተወፋይነትን ቃልና እነሐድሰሉን ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ብወህደት ምስ እንሰርሕ - ሙብጽዓና ብዘይ ጸገም ከም ዝትግበር ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

“ንሕና ዕድለኛታት ኢና፣ ናጻን ልኡላውነታ ዘውሓሰትን ሃገር ኣላትና“ ዝበለ ኮሎኔል ደብሳይ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ብልዑል ንቕሓትን ድልዱል ሓድነትን ንዝመጽና ተጻብኦታት እናመከትና፡ ሃገርና ክንሃንጽን ሰላምና ክነውሕስን ክንዕቅበን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተወደበ መደባት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - መበል 34 በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ባጽዕ ተጸንቢሉ

መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ ብ23 ግንቦት ኣብ ስታድዩም ከተማ ባጽዕ ብኽብ ዝበለ መዳርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ መደባት ጽንብል ናጽነት ካብ 10 ግንቦት ኣትሒዙ ብባህላውን ስፖርታውን መደባት ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢን ንኡሳን ዞባታትን ብድምቀት ክጽንበል ከምዝቐየየ ብምጥቃስ፡ ምስትምቓር ጺጋታት ባሕሪ ብቑልዑ፡ ምርኢት ምንቅስቓስ ክላስተኒክስ ብተመሃሮ፡ ባህላዊ ምርኢት ሓይልታት ምክልኻል ንህዝቢ፡ ኮማዊ ዳሳት፡ ምርኢት ሰልፊ ሰራዊትን ባዕርን ኣካል ናይ'ቲ መደባት ከምዝኾኑ ገሊጻ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ቃልሱ ንናጽነት ንምዕዋትን ልኡላውነቱ ንምውሓስን ንዘኸፈሎ ረዚን ዋጋ ብምጥቃስ፡ ብምውህሃድ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ዘሰሳሰል ዘሎ መደባት ልምዓት፡ ብሸርሒታት ተጻባኢቲ ንዝተኸፈሉ ዕድላት ኣብ ምሕዋይ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ጽንብል ናጽነት ንምምዕራግ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣማስጊና።



ስእሊ. ደምሳስ ጺጋይ

እቲ ጽንብል፡ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ኣባላት ሓይሊ ምድሪ፡ ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ባሕርን፣ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት፣ ከምኡ'ውን ምንቅስቓሳት ክላስተኒክስ ማዕርጊ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት ዝተዳለወ ባህላዊ ካርኒቫል፡ ብ22 ግንቦት ኣብ ቀንዲ ጉደናታት ከተማ ባጽዕ ቀሪቡ።

እዚ ብምትሕብባር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕርን ምምሕዳር ከተማ ባጽዕን ዝተዳለወ ብባህላዊ ኣልባሳትን ትልሂትን ብዝራትና ዝማዕረገ መደብ፡ ብኮማዊ ተሳትፎ ነበርቲ ሰለስተ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ሰራዊትን ካብ ከባቢ ሲኖማ ስጋሌት ክሳብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋሉት'ዩ ተኻዪዱ።

# ተጋዳላይ ተስፋይ በርሀ ተሰዊኡ



ኣኪያዲ ስራሕ ሃገራዊ ሽማግለ በዓላት - ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ በርሀ ተስፋማርያም፡ ብ23 ግንቦት ኣብ መበል 75 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1976 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ተስፋይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ክፍሊ ታዕሊም፡ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ሃገራዊ መርሓን ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት፣ ድሕሪ ናጽነት፡ ፈለማ ኣብ ሚኒስትሪ ዜናን ባህልን ድሒሩ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሓላፊ ክፍሊ ፕርሶኔል፣ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን፣ ኣብ ምምሕዳር ሲቪላዊ ኣገልግሎት መንግስቲ ዳይረክተር ጨንፈር ምቁጽጻርን ምምዳብን ሰራሕተኛታት፣ ካብ 2010 ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ድማ ኣኪያዲ ስራሕ ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ብምዃኑ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ በርሀ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ25 ግንቦት ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብማስዋእቲ ኣባሉ - ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋይ በርሀ ተስፋማርያም ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ይብል።

# ዓንሰባ - 'መውል' ልዕሊ 232 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ዓዲሉ

ጨንፈር ወህለላን ንኡስ ልቓሕን (መውል) ዞባ ዓንሰባ፡ ምምስራትን ምስፋሕን መጠነ ንኡስ ትካላት ብምትብባዕ ናይ ብሕቲ ጽላት ንምምዕባል፡ ከምኡ'ውን ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድላት ዝፈጥሩሉን ኢታዊታቶም ዘኻዕብዩሉን ኩነት ንምፍጣር ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ዘተባብዕ ውጽኢት ይርከቦ'ሎ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ጎይትኦም ሃብተጽዮን ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰነኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ዝጠኑር ዜጋ ንኸይህሉ ብዝብል ዕላማ፡ ካብ 2016 ክሳብ 2024 ን25,022 ዓማዊል ልዕሊ 232 ሚሊዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምእተዓደለ፣ ካብኡ ድማ ኣስታት 225 ሚሊዮን ናቕፋ ከምእተኣከበ ኣፍሊጡ።

ሽፈኑ ናይ'ቲ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ብዝተኻየደ ጻዕሪ'ውን፡ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ክበጽሕ ተኻኢሉ ከምዘሎ፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ድማ ኣስታት 92 ሚኢታዊት ተጠቀምቲ ኩይኖን ከምዘለዋ ገሊጹ።

ዝርግሐ ልቓሕ ብብዓመቱ ናይ ክበን ለጠቐን ባህሪ ከምዘርኤ፡ ዝሓበረ ኣቶ ጎይትኦም፡ ብሓፈሻ ክዮዓምዓም ከሎ ኣፍልጦ ህዝቢ ይዓቢ ከምዘሎ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ዝርግሐ ልቓሕን ኣብ ግዜኡ ምምላስን ይልመድ ምህላዉ ገሊጹ።

ኣፍልጦ ደቀንስትዮ ኣብ ኣገልግሎት 'መውል' እናበረኸ ብምምጻኡ ተጠቃምነተን ይወሰኽ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ካብ 2018 ክሳብ 2024 ልዕሊ 15 ሚልዮን ናቕፋ ከምእተለቅሓ ሓቢሩ።

ጨንፈር 'መውል' ዞባ ዓንሰባ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 48 ሚእታዊት ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 11,041 ዓማዊል ከምዘለውዎ፡ ስነዳት ይሕብር።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# መስመርና ድርዕና !

## ጽምብል ናጽነት 24 ግንቦት 2025

## ኣስመራ











ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቓድር

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ

ሪፖርታዥ
ኢብራሂም ዑመር
(ኣ/ዜ/ኤ - ሰ/ቀ/ባሕሪ)

ምኽባር ሃገራዊ ዕለተ-ናጽነትን ምውናን ልኡላውነት ሃገርን ካብን ናብን ሃገራትን ህዝብታትን ይፈላለ። ገለ ሃገራት፡ ናጽነተን ብሰላማዊ መገዲ ብመልክዕ ትካቦ ክምጠወን እንከለዋ፡ ሓደት ድማ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሓርነታዊ ተጋድሎ ስረት ዝገበረን ከቢድ መስዋእቲ ብምኽፋል ናጽነተን ብጉዳእ ቀልጽመን ዘውዲ ዝደፈኣን ብኣጻብዕቲ ዝቑጸራ ሓደት ሃገራት ጥራይ እየን። ኤርትራ ድማ ሓንቲ ካብኣተን እያ። እዛ ዕለት ከኣ ዓመት መጺ ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ብምድላው ብድምቀት ትጽንበል።

ኣብ ዝሓለፈ መዋእል፡ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ብሓፈሻ፡ ኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ከኣ ብፍላይ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ"፡ "ዓሳ ክትቀትል ባሕሪ ኣድርቕ" እናበሉ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እምበረ-መጠን ገበናዊ ግፍዒታት ፈጺሞም። ህዝቢ ኤርትራ ግና በቲ ዘጋጠሞ ኣሰካሕካሒ ፍጻመታት ኣይጀዋጀወን። እኳ ድኣ ዝያዳ ተበዕን ንዘጋጠሞ ኩሉ-መዳያዊ ብደሆታት ብትብዓት፡ ሓድነቱን ስፊቱን እዩ በዲህዎ። ብወጽኢቱ ድማ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓሰርተታት ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ መሰል ርእሰውሳኔኡ ብምርግጋጽ ብጉዳእ ቀልጽሙ ናጽነቱ ጨቢጡ። ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብ ልዕሊ ህዝባን መንግስትን ኤርትራ ዘጋጠመ ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታትን ማሕለኻታትን ብጽንዓት ብምስጋር፡ ልኡላውነቱን ሓራ መስመሩን ብወሃደትን ሰፊትን ደሪዑ።

ኤርትራውያን፡ ዝ ርእሰ ዝበዓላትና ዝኸፍሎት መዓልቲ ናጽነትና፡ ንልዕሊ ሓደ ወለዶ ብስጡም ሃገራዊ ስፊቶም ሓድነቶምን መካቲ ያታኦምን ትሰፉው መጻኢኦምን ብዘኮልሕ ውዕወዕ ሃገራዊ ስምዒት'ዩ ዓመት መጺ ብምዕሩግ ኣገባብ ሓያል ወኒ እዮም ዘኽብርዋ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝነብር ህዝብና፡ ሎም ዘመን ንመበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነትና፡ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ኑቲ ቅድሚ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ዝጨበጦ ጸዋእ ናጽነት ደጊሙ ብምኽሳዕ፡ ናብ ሓድሽን ትሰፉውን ኩሉ-መዳያዊ ምዕራፍ ኣብ እንሰጋገረሉ ዘለና መድረኽ ብምዕሩግ ኣገባብ ይጽንብላ ኣሎ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እውን ካብኡ ብዘይፍለ ኣገባብ ብድሙቕ ስነ-ስርዓት እያ ዝተጸንበለት። ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ እኹል ምድላዋት ክግበረሉ ዝጸንሐ መደባት ናጽነት፡ ካብ 10 ግንቦት ብውድድራት ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጀመረ መደብ፡ ሰሚናራት፡ ጽሬት ኣከባቢ፡ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ 250 ተማሃሮ ዝሳተፉ ምስትምቓር ጸጋታት ቁልዑ፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ጎደናታት፡ ኮማዊ ዳሳትን ካልእ ንጥፈታትን ዘጠቓለለ መሰናድኦታት ክሳብ 24 ግንቦት እዩ ተሰላሲሉ።

22 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት ዝተዳለወ ባህላዊ ካርኒቫል ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ባጽዕ ቀሪቡ ነይሩ።

እዚ ብምትሕብባር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕርን ምምሕዳር ከተማ ባጽዕን ዝተዳለወ መደብ፡ ኮማዊ ተሳትፎ ነበርቲ ሰለስተ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላትን ሰራዊትን ካብ ኩሉ ከባቢታት ኣብ ሜዳ ሲኒማ ሰጋሉት ድሕሪ ምትእኽኻብ ሰጋሉት ቀጢን ብምስጋር ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋሉት ዝተዛዘመ ኩይኑ፡ ባህላዊ ኣልባሳትን ትልሂትን ኩለን ብሄራትና ዘንጸባርቕ ባህላዊ ካርኒቫልን ሰልፈን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋሉት ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ኣማሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናጽነት ንምምጻእ ዝተኸፍለ ክቡድ ዋጋን ዝተኸስከሰ ሓድነትን ሃገራውነትን መሰረት ኩለንትናዊ ህላወና ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ እዛ ክብርቲ ዕለት ኣብ ልቢ ነፍሱወከፍ ዜጋ ፍሉይ ርዝነትን መልእኽትን ከምዘለዋ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ብኣድማዕነት ንምውሓስ ድማ ሕድሪ ከምዘለዎምን ብምምልካት፡ ዚ ሓላፍነት ንምስካም ተራን ኣበርክቶን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

እቲ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ መደብ፡ ብጉጅለ ባህሊ ዓራግ ናይ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ንቃልሲ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዘንጸባርቕ ብዝተፈላለየ ጓይላታት ሃገርና ደሚቑ ነይሩ።

23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ድማ፡ መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ግንባርን፡ ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ዓበይቲ ዓዲን መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ከምኡ'ውን ዕዱማት ኢጋይሽን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ባጽዕን ዝተረኽቡሉ፡ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ምድርን ሓይሊ ኣየርን፡ ከምኡ'ውን ብባህላውን ስነጥበባውን ምርኢት ተማሃሮን ዝተሰነየ ብድምቀት ተጸንቢሉ።

ኣብቲ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲ፣ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ተኽለይ ሃብተስላሴ፣ ግዝያዊ ሓላፊ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል ኣሕመድ መሓመድ ዓሊ፣ ሰበስልጣን መንግስቲ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሃገራውያን ማሕበራትን ባይቶን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ከተማ ባጽዕን ዝተረኽቡሉ ስነስርዓት፣ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህሊን ስፖርትን ወይዘሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፣ መበል 34 ጽምብል ናጽነት "መስመርና ድርዕና " ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 10 ግንቦት ኣትሒዙ ኑቲ በዓል ብዘድምቑ ባህላዊን ስፖርታዊን መደባት ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታትን ንኡሳን ዞባታትን ብኸቡብ ዝበለ ኣገባብ ይጽንበል ከምዝጸንሐ ሓቢራ።

ወይዘሮ ዘይኑብ ኣሰዒባ፣ ምስትምቓር ጸጋታት ባሕሪ ብቖልዑ፣ ምርኢት ምንቅስቓስ ክላስትኒክስ ብተማሃሮ፡ ባህላዊ ምርኢት ሓይልታት ምክልኻል ንህዝቢ፣ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ኮማዊ ዳሳት፣ ምርኢት ሰልፊ ሰራዊት፣ ባዛር፣ ስነጥበባዊ መሰናድኦታትን ኣካል መደባት ጽንብል ናጽነት ምዃኖም ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ፣ ንኸሎም ኑቲ በዓል ንምድማቕ ዝጸዓሩ ኮሚቲታት ዞባን ከተማን፣ ትካላት መንግስቲን ግንባርን፣ ሓይልታት ምክልኻል፣ ስነጥበባውያን፣ ውልቀ ሰባትን፣ ከምኡ'ውን ኣካላት ጸጥታን ዜናን ብስም ኮሚቲ ኣወሃሃዲት ኮሚቲ በዓላት ኣመስጊና።

ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፣ "መስመርና ድርዕና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝጽንበል ዘሎ ናይ ሎም ዓመት ዝኽሪ ናጽነት፡ ሳላ ቅኑዕ መስመርናን ንጹር ዕላማናን መርኢያ ናይቲ ምስ ግዜ እናተኸሰበ ዝኸይድ ዘሎን ብደረጃ ዓለም እንኽተሎ ፖሊሲ ርእሰምርኮሳ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ቃልሱ ንምዕዋት ዝኸፈሎ ሪዚን መስዋእትን ናጽነቱ ብዘይቅበሉ ሓይልታት ዝገጠሞ ሽርሕታትን ዘርኣዮ መኸተን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፣ ድሕሪ ናጽነት መንግስቲ ብዘተኸተሎ ሓራ ቀጥባዊ መስመርን ርእሱ ምርኮሳን ሰፊሕ ልምዓታዊ መደባት ከም ዝተሰላሰለን ኣብ መጉብሮ ዜጋታት'ውን እወታዊ ጽልዋታት ከምዘሕደረ ኣገንዚባ።

ህዝቢ ምስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብምውህሃድ ኣብ መላእ-ሃገር ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መደብር ምዕቃብ ሓመድን ኩነ ካልኦት ስትራተጃውያን ልምዓታውያን መደባት ዘርኣዮ ዘሎ ተሳትፎ ልዑል ምዃኑ ዝገለጸት ወይዘሮ ኣስመረት፣ ተበግሂሱ ዘሎ መደባት ልምዓት ብዝሓየለ መልክዑ ክድፍኣሉ ምዃኑ ድሕሪ ምምልካት፣ ንኸሎም ጽንብል በዓል ናጽነት ንምምዕራግ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊና።

እቲ ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለን ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ተማሃሮ ዝተሳተፍዎን ምርኢት ክላስተኒክስ ንትርጉም ናጽነትን ናይ መኸተ መድረኻትን ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን ብዘጠቓለለ መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ዝፈለመ ጽንብል መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ህዝቢ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢን ንኡሳን ዞባታትን ተወዲቡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኮማዊ ዳሳት ብምትካልን እኽሉ-ማይ ብምድላውን፡ ከም ሓንቲ ስድራ፡ ብሓደ ልቢን ኣብ ሓደ መኣዲን ብምዕላል ብልዑል ወኒን ምዕሩግ ኣገባብን ኣስተማቒሩዋ።

***













ሪፖርታዥ

# ኮም ዝሰረቱ፡ ሓባራዊ ህይወት ዝዓንዱ ኤርትራዊ መንነት!

ናዝሬት በይን
(ኣ/ዜ/ኤ - ዞባ ማእከል)

"መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ዝደመቐ መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብሸውዓተ ግንቦት'ዩ ብወግዒ ጀሚሩ፡፡ እቲ ብምርኢት ኣብያተ-ትምህርቲ ዝጀመረ ጽንብል፡ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ኣብ


ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ

ምስራጽ ክብርታትን ምዕቃብ ሃገራውነትን ዕዙዝ ተራ ከም ዘለዎ ዘጉልሕ እዩ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ 116 መዋእለ ህጻናት፡ 79 መባእታ፡ 40 ማእከላይ ደረጃ፡ ከምኡ'ውን 22 ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተፈላለየ ባህላዊ ማሰናድኣታት ብምቕራብ ኑቲ በዓል ድምቀት ወሲኽናሉ፡፡

ናይ ለሚ ዓመት ምድላዋት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ፍሉይ ዝገብሮ፡ እቲ ጽንብል ኣቐዲሙ ብምፍላሙ እዩ፡፡ እቲ መደባት ኣብ ሰለስተ ምድባት ከፋፊልካ እንክርኡ ኣብ ኣስመራ ካብ 16 ክሳብ 23 ግንቦት ዝቖጸል ቅነ ናጽነት ክእንገድ ከሎ፡ ኣብ 16 ግንቦት ከኣ ናብ ህጻናት ዝቐንዐ ባህላዊ ምዝንጋዕ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተኻይዱ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብ17 ግንቦት ንሰነኽተኛን ዝዓለመ መዚቃዊ ምርኢት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ከም


ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን

ዝተኻየደ ከምኡ'ውን ብ18 ግንቦት ባህላውን ስፖርታውን መደባት ኣብ ሲነማ ሮማ ከም እተቓፅ ይፍለጥ፡፡

መደባት ቅነ ናጽነት ካብ ወርሒ ለካቲት 2025 ኣትሒዙ፡ ብዝፈለመ ስፖርታዊ ውድድራት ዋንጫ ናጽነት ኣብ ዞባታት ክካየድ ከሎ፡ ምስ ጽንብል ናጽነት ብዝተሓሓዘ ሃገራውያን ጋንታታት ኤርትራ፡ ኒጀርን ደቡብ ሱዳንን ዝሳተፋሉ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ድማ ክካየድ ምኻኑ (ድሮ'ውን ጀሚሩ ኣሎ) ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለ፡ ብምኽንያት መደባት ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕተት ሓቢሩ፡፡

ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ከምኡ ድማ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝተወደበ መደባት ምርኢት ባህላዊ ካርኒቫል 19 ግንቦት ተኣንጊዱ ነይሩ፡፡ እቲ ብደረጃ ዞባ ዝቐረበ 13 ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፈኦ ምርኢት ካርኒቫል ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ኣስመራ ተኻይዱ፡፡ እቲ ምርኢት፡ ካብ ጎደና ሰማእታት ተበጊሱ፡ ብጎደና ሓርነት ኣቢሉ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ዝተዛዘመ ኮይኑ፡ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ባህላዊ ኣልባሳት፡ ባህላዊ ትልሂት፡ ካርኒቫልን ሰልፍን ዘጠቓለለ ነይሩ፡፡ ኣብ ባሕቲ መስከረም እውን ሰፊሕ መደባት ክሰላሰል ኣምሲዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብ21 ግንቦት ጉጅለ ባህሊ 'ኣሞጀ' ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ባሕቲ መስከረም ኣቕሪቡ ነይሩ፡፡

ሓላፊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ዝተኻየደ መደባት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ካብ 7 ክሳብ 24 ግንቦት ዝተኻየዱ መደባት ኣብ ከተማን ቀንዲ ጎደናታትን ክእንገዱ እንከለዉ፡ ብዝተወሳኸ፡ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ሰልፊ ተመሃሮን ኮንሰርትን፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ጎደናታት ብውዕውዕ ሃዋህው ክካየድ ከሎ፡ ብሃማደኤ ዝተዳለወ ስፖርታዊ ምርኢት ኣካል መደባት ናጽነት ምንባሩ ኣፍሊጡ፡፡

ኮማዊ ዳሳት ዞባ ማእከል ኣመልኪቱ ኣቶ ኣስመሮም፡ ካብ 18 ግንቦት፡ ብንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ዝጀመረ ኮማዊ ዳሳት ለሚ ዓመት፡ 86 ኣብ ገጠራት ዝርከባኦን ብሓፈሻ 152 ኮማዊ ዳሳት ከምዝተተኸላን ብ12 ጉጅለታት ባህሊ ዝቐረበ መዚቃዊ ምርኢት ብ22ን 23 ግንቦት ኣብ ጎደና ሓርነት ከምዝቐረበን ሓቢሩ፡፡ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ እውን ጎደናታት ኣስመራ ብሕብራዊ መብራህትታትን ጭርሖታትን ማዕረገ ቀንዩ፡፡

ኣብ ድሮ መዓልቲ ናጽነት ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ድማ ሰማያት ከተማ ኣስመራ ቡቲ ንምቕባል መዓልቲ ናጽነት ዝበኮር ርሽት ተኾሊዑ፡፡ ኣብቲ ዕለት፡ ኑቲ ብዝተፈላለየ ቅርጽታትን ሕብርታትን ዝወቀበ ናብ ሰማያት ከተማ ኣስመራ እናተወርወረ ዝበተን ዝበረ ርሽት፡ ኣሽሓት ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ኮይኑ ተዓዚቡዎ፡፡

ኣብ ዓንኬል "መስመርና ድርዕና" ዝተኻየዱ መደባት፡ ኣብ ንቕሓት ዝተሞርከሱ ንዝተኸፍለ መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘጉልሑን ሓድነትን ሰላምን ዘንጸባርቑን እዮም፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ በዓላቱ ንምድማቕ ጻወዒት ዘድልዮ ኣይኮነን፡ ከም ውትሩ ድማ ውዳበታቱ ኣወሃሂዱ ብዘማዕረገ ኣገባብ ኣብ ኩሉ ከርንዓት ብውዕውዕ ድምቀት ኣኽቢሩዎ፡፡


ካርኒቫል




23 ግንቦት ፍርቂ ለይቲ ኣብ ጎደና ሓርነት (ስእሊ፡ ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ)


ቅነ ኣብያተ ትምህርቲ


ካርኒቫል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ሽረዓ ዞባ ማእከል

ነጃት ኸሊፋ ኣሕመድ፡ ብዋል ቤተይ ዑስማን ኢብራሂም ድራር ስለዘዘተሰወኦ፡ ንሕና 1.ነጃት ኸሊፍእ 2.ሓሊማ ሃብትስ 3.ሓሰን ኢብራሂም 4.መርያም ኢብራሂም ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲት ወረ/ፍ ጸገሬዳ መንኻ 1.ኣዜብ ደቦሳይ 2.ገርግሽ ደቦሳይ 3.ኢልያስ ደቦሳይ፣ ብኸሳሲት ወ/ሮ ወለሽ ደቦሳይ ንፆም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ፍኖተሰላም ቴድሮስ ኣደጓጉቡ፡ ኣቦና ቴድሮስ ኣደጓጉብ ትርፈ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወርስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮዛሊት መኮንን ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዋል ቤተይ ክፍለ ብርሃ ወልደሃዋርያት ስለዘዘተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሳይሞን ዳዊት ዘውደ ምባል ተረፉ፡ ስምኦን ዳዊት ዘውደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ኤፍረም ኣሰፋው ተኸሰሃይማኖት፡ ተኸሳሲ ብጹኣምላኽ እምባዩ፡ ንገንዘብ ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መብራሃቱ ወልዳይ ለገሰ ኣቦና ወልዳይ ለገሰ ሃይሉን ኣዴና ለተሚካኤል ገብረእግዚኣብሄርን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 5 ደቆም ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ማሕበር ቃሓውታ፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ተኸስተ ተስፋሚካኤል፡ ኣቶ ተኪኤ ሃብቱ፣ ንገንዘብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ኑረዲን ረጃኡ መብራት፡ ስም ኣደይ ብራቱ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ብሩር ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወረ/ፍ በርሀ ገብሩ ተ/ማርያም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ስምረት በርሀ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ።

ግርማይ ኢያሱኣብ፡ ኣቦይ ኢያሱኣብ ዘርኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣለም ካሕሳይ ገብረእየሱስ፡ ብዋል ቤተይ ገብረስላሴ ገብረየውሃንስ ጸጋይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣድያም ተኽሉ ኣብዳራ፡ ስም ኣደይ ኣልጋሽ ተኽለ ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ኣልጋሽ ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትዕግስቲ ኣረጋይ ዑቕባስላሴ፡ ጓለይ ሳብሪን እድሪስ መሓመድዓሊ ጥፍእቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዑመር መሓመድ በሽር ምባል ተረፉ፡ ዑመር መሓመደበሽር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቦ ሀንጻ ብርሃ፡ ኣቦና ሀንጻ ብርሃ ሃብተጼን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 14 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በረኸት ሃይለ ሓጎስ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ገብረማርያም ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትዕግስቲ ሃይለ ጉዕሽ ምባል ተረፉ፡ ትዕግስቲ ጸጋይ ተስፋይ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተኸሳሲ ተስፋሚካኤል ግርማይ፡ ብከሳሲ ኣምባሳደር በየነ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኤልሳ ኣርኣያ ሳህሉ፡ ብዋል ቤተይ ገብረመስቀል ጸጋዮ ጫፋ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣብርሀት ኪዳኑ፡ ኣሕዋተይ ወ/ሮ ሃንሱ ኪዳን ወ/ሮ ኑቢያት ኪዳን ንልዕሊ 50 ዓመት ደሃይ ስለዘጥፍኣ፡ ጥፉኣት ከም ዝኾና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገወይኒ ኣብርሃ ትዓራ፡ ወደይ ተስፋሂወት ሳሚኤል ስለዘዘተሰወኦ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ ሳሚኤል ሰኢሉ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ሓሰን መሓመድ ኢብራሂም ክራር ምባል ተረፉ፡ ሓሰን ሓምድ ኢብራሂም ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ደማ ኣሙት ባህታ ምባል ተረፉ፡ መዲና ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ፍቓዱ ተስፋስላሴ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ፍትሓዊት ተስፋስላሴ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ምንያ ተኪኤ ሰለባ፡ ኣቦይ ተኪኤ ሰለባ ኪዳን ኣደይ ዘውዲ ገብረሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ደያና የውሃንስ ገብረኣብ ምባል ተረፉ፡ ኢታይ ወለተኣብርሃም የውሃንስ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስም ት/ዕድመ ጓልና ፊኖ ጸጋዝኣብ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፡ ኣድያም ጸጋዝኣብ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስም ት/ዕድመ ወድና ያፊት የውሃንስ ዑቕባዝጊ ምባል ተረፉ፡ኣድሓኖም የውሃንስ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ በላይ ገብረመድህን ኣስገዶም፡ ኣዴና ኣስገደት ዑቕባስላሴ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላም ኣማረ፡ ብዋል ቤተይ ምሕረትኣብ መንግስትኣብ ወልደናፋሕኤል ስለዘዘተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍኖና ጠዓመ ግርሙ፡ ብዋል ቤተይ የሴፍ ተኽልኣብ ካብ 2020 ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብጊዜኣ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 119-2 ቁ.ገዛ 50 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL000039174 ናይ ቢልያርዶ ትካለይ ንኣቶ ሰመረኣብ ብርሃ ተስፋጋብር፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 119-1 ቁ.ገዛ 22/24 ብዕለት 06/06/2016 ቁ.መዝ 156/2016 ብውህቡዩ ስለዘዘበትኒ፡ ብስም ወዘበ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህቡዩ ተረኺቢ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሰመረኣብ ብርሃ ተስፋጋብር

---

ኣመልካቲት ኣነ ዓዳጊት ወ/ሮ ምልእተ ዓንደም መንግስቱ ዝተበሃልኩ፡ እዚ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም ከባቢ 02 ብመወከሲ ቁጽሪ ዚፕ ኮድ 6K-1398 ፕሎት 97 ፓርሰል POP 97 ስፍሓት መሬት 366.61 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ልዕሊኡ 1 ክፍሊ መደቀሲ ሳሎን መኻዚኖ ምስ 2 ክሽነን 2 ዓይኒ ምድርን ዘለዎ መንበሪ ገዛ ብመሸጣ ካብ ነ/ሄራት ፍንቅ ኩብርም ከልብ ዝዓደግዎ ኣሎኒ። እዚ መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዘሎ ግዜ ናብ ቤ/ጽ/ፓ/ኖ/ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ምልእተ ዓንደም መንግስቱ

---

ብስም ዳኒኤል ስብሃቱ ምስጉና (ወኪል) ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00038718 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 1A119 ቁ.ገዛ 0 ዝርከብ ናይ ትካል መሸጣ ክዳውንትን ከስሞቲክስን ትካለይ፡ ንኣቶ ዓንደብርሃን ነጋሽ ተኽሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ/ቀሓውታ ጎደና 716-16 ቁ.ገዛ 42 ካብ ዕለት 01/10/2024 ክሳብ ዕለት 30/09/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዳኒኤል ስብሃቱ ምስጉና
ሕጋዊ ወኪል ገኑት ኣስገዶም

---

ብስም ጊላይ ዑቕባገርግሽ ልጃም ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00014223 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና 189 ቁ.ገዛ 7 ዝርከብ ናይ መኪናን መዐረይ ጋራጅ ትካለይ፡ ንኣቶ የናስ ቦኽረ ተኽለማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 835-19 ቁ.ገዛ 06 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ጊላይ ዑቕባገርግሽ ልጃም
ሕጋዊ ወኪል መድሃኔ ይስሃቅ

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ህድኣት ብርሃ ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ የማነ ዘሙይ ዘውደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኴላ

ዑቕባይ ፍስሃ ገብረሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ መድሃኔ ፍስሃ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣንዋር መሓመድ ሓምድ ምግል ተሪፉ፡ ኣንዋር ሓምድ ሓሰበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደብረጼን ኣብርሃም ስበሓቱ፡ ኣቦይ ኣብርሃም ስበሓቱ፡ ዃረኣብን ኣደይ ምልእተ ተኽለ ገብረስላሴ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዊንታ ሓጎስ ገብረሂወት፡ ኣቦይ ሓጎስ ገብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሚር ጋይም ብርሃ ምግል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ጋይም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ድያና ሰለሙን ገ/ማስቀል፡ ተኸሳሲ ኣቶ መድሃኔ ደሲታ በርህ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ብፍ/በዓ/ማሰል ዳህላክ ኣብርሃ፡ ብፍ/በዓ/ ዕዳ ተሰፉጋብር ተፋየውሃንስ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ሰዩም፡ ብዓል ቤተይ በየነ ጳውሎስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዶ ሰገነይቲ

ሉተሃንስ መሓሪ በራኺ ምግል ተሪፉ፡ ሬቬን መሓሪ በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ በለጸት ጉልበት ኣብረሃ፡ ስም ጓለይ ሮዳስ መለኣክ ኣሸብር ምግል ተሪፉ፡ ሂርሜላ መለኣክ ኣሸብር ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሃብ ኣብርሃ በየነ ምግል ተሪፉ፡ ሩታ ኣብርሃ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ማሰለሽ መጃሾ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ጀርመን ጠዓመ ገብረኪዳን ምግል ተሪፉ፡ ኣቤል ጠዓመ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኢብራሂም ሰዒድ፡ ወኪል ዛህራ ኢብራሂም፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ሄር የሹካስ በራኺ ዝኾንኩም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣርኣያ ተሰፋይ ገብሩ ኣደይ ሰላስ ኣሰፍሃ ሃይሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ሃይለማርያም የውሃንስ፡ ስም ኣደይ ኣምለሰት ተፈራ መጃሾ ምግል ተሪፉ፡ ኣምለሰት ተፈረ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂወት ገብረኢየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፍሃ ኣብርሃ ተላ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ በየነ ጺጋይ ገብረማርያም፡ ተኸሳሲት ኣረጋዊት ኣብርሃ ተፈራ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ወ/ሮ ልብራ ኪዳነ ተስፋይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተኽለ ገብረሃንስ መሓሪ፡ ንምጽዳቕ ፍትሕ ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ መርሃዊት የውሃንስ ዘርእዝጊ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሚካኤል መሓሪ ገብርኣብ፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኣሚር መልኣከ የውሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ኣሚር ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ኣልኣሚን ኣሕመድ ምግል ተሪፉ፡ ሳልሕ ኣልኣሚን ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድዓሊ ዑመር መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ዓሊ ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሩሳሌም ገብረ በርሀ ምግል ተሪፉ፡ የሩሳሌም ዓሊ ዓብደልከርም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ማሙቕ ኣብርሃም ወልዱ ምግል ተሪፉ፡ ሙቕት እመቤትየን ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ቬኑስ ርእሶም ሮኸረ ምግል ተሪፉ፡ቬኑስ ርእሶም ሮኸረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ጺጋይ ገዐሽ ሃይለ ምግል ተሪፉ፡ጺጋዝኣብ ገዐሽ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሱመያ መሓመድ ኢድሪስ ዑሰማን ምግል ተሪፉ፡ ሱመያ እድሪስ ዑሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ንሕና ኢሰያስ ብርሃ ወልዱን እስክንድር ብርሃ ወልዱን ዝተበሃልና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ምም/ ንኡስ ዞባ ፓራዳዞ ዞባ "05" (ምም/06 ነበር) ጎደና "855" ቁጽሪ "60 ፕሎት "30 ፓርሰል "H" ዝርከብ፡ ስፍሓት መሬት 352 ት/ሜ፡ ቀንዲ ክፍልታት፡ 5 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓለለ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ መለለዪ ቁ.111434 መወከሲ ቁጽሪ .114187 ብስም ኣዴና ወ/ሮ ኣበእምባ ተስፋጼን ዝተመዝገበ ናይ ሓባር ገዛ ኣብ ቀዳማይ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪብም ብውህቡቶ ስለዝዘብና፡ ዋንነት ናይ ስምና ክተመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

1.ኢሰያስ ብርሃ ወልዱ
2.እስክንድር ብርሃ ወልዱ

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ከባቢ ማይ ጭሆት ፕሎት 73 ፓርሰል C ዚፕ ኮድ 1A 199 ዝርከብ ብቁጽሪ 1BRASM014556/0 ብስም ጺጋይ ኣሰፋው ገብረያናስ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ጺጋይ ኣሰፋው ገብረያናስ

---

ወ/ሮ ሰምሰም ወልደሰላሴ ወልደሃይማኖት፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ንግዳዊ ትካለን፡ "ጎልደን ማይንድ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ" (GOLDEN MIND LANGUAGE SCHOOL) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

### ምልክታ ጨረታ

መ/ቤ/ት ጋሽ፡ ኣብ ቀጽሪ ቤ/ት ዝርከብ ናይ ሕርሻ መሬት ኣማሪራቱ ከኪራ ስለ ዝደለየ፣ ንኹሉም ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ከማልእዎ ዝሕተቱ ቅጥዕታት

1. እዚ ናይ ሕርሻ መሬት ንኣእካልን ኣሕምልትን ምልማዕ ጥራይ ይፍቀድ።
2. ንጨረታ ዘድሊ መምርሕን ቅጥዕን ካብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ምውሳድ ይከኣል።
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ተጫረትቲ ሰነደም የቕርቡ። ጨረታ ንጽባሒቱ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝረኸብሉ ኣብ ሰዓታት ስራሕ 9:00 ቅ/ቀ ይኽፈት።
4. ንዘቕርብ ጽሑፋት ብስም ኣብ ዝተዓሸገ ሰታሪት ወይ ፖስታ ይቕረብ።
5. ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ቤ/ት/መ/ደ/ጋሽ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ ወይ ብቁጽሪ ስልኪ 181393 ብምድዋል ክትሓቱ ትኽእሉ።

N.B ቤት ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ናይ ምምሕያሽ ወይ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኮይኑ ብጨረታ ኣይግደድን እዩ።

መ/ደ/ቤት/ጋሽ

---

ዓዲ ከብሎ ብርኪ ማሕበር፡ ብዕለት 12/05/2025 ዓ/ም ብዘገበሮ ኣኼባ እዚ ዝስዕብ ውሳነ የሕሊፉ።

ንሱ ድማ

| | |
|---|---|
| 1. ኣቶ ዓንደሚካኤል ኣብርሃ ገብሩ | ኣቦወንበር |
| 2. ቀሺ ክሱተ ባህታ ገብረትንሳኤ | ጸሓፊ |
| 3. ኣቶ ሃብተኣብ ኣብርሃ ማዓሾ | ኣባል |
| 4. ወ/ሮ ምሕረት ተኽለ ገብሩ | ኣባል |
| 5. ወ/ሮ ዛይድ ወልደሰላስ ገ/እግዚኣብሄር | ኣባል |

ሓደስቲ ኣካየድቲ ስራሕ ኮይኖም ንሰለስተ ዓመት ንክሰርሑ ተመሪጾም ከምዘለዉ ንሕብር።

ጡሕና ዓዲ ከብሎ ናይ ብርኪ ማሕበር



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ

ዝተመጣጠነ መግቢ (balanced diet) ኩሉ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ እዩ። ቫይታሚን፡ ካርቦሃይድረይትስ፡ ፕሮቲን፡ ማዕድናት ከምኡ'ውን ጥዕና ዘለዎ ስብሒ ካብ መግቢ ክንረኽቦም እንኽእል መኣዛዊ ትሕዝቶ እዮም። ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ማለት ድማ ኣመጋግባና ኣብዝሒ ኩሎም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘድሊ ምዃኑ ማለት እዩ።

መብዛሕትና ዝተመጣጠነ መግቢ ልዑል ዋጋ ዝሓትት፡ ከም ካብ ስጋ፡ ዓሳ፡ ጸባ ወዘተ ጥራይ ንረኽቦ ገይርና ንወስዶ ኢና። ኩሉ እቲ መዓልታዊ እንወስዶ መግቢ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። ኣብቲ እንዘውትሮ ኣገባብ ኣመጋግባ ግና ንኣካላትና ዝሃቦ መኣዛዊ ትሕዝቶ ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ክንዲ ሓደ ዓይነት መግቢ ጥራይ ምምጋብ - ጥረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ስጋን ብምዝናቕ ኣመጋግባና ዝተመጣጠነ ክንገብሮ ንኽእል።

ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ኣካላትና ብግቡእ ንኽሰርሑ ዘድልዮ መኣዛዊ ትሕዝቶ ከም ዝረክብ ይገብር። ኣካላትና ዘድልዮ መኣዛ ክረኽቡ፡ መዓልታዊ ንረኽቦ ካሎሪ ካብዞም ዝስዕቡ ዓይነት መግቢ ዝመጽእ ክኸውን ኣለዎ።

- ሓዱሽ ኣሕምልትን ፍረታትን፡
- ኣእካል (ስርናይ፡ ስገም፡ ዕፉን ማሽላ፡ ጣፍ ወዘተ)፡




- ጥረታት (ባልደንጓ፡ ዓተር፡ ፋል ወዘተ)፡
- ስብሒ ዘይብሉ ስጋ ወዘተ።

መሰረታውያን ረቛሒታት ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ

ጻዕቂ መኣዛዊ ትሕተቶ (Nutrient density)

ጥዕና ኣብ ዘለዎ ኣመጋግባ ክትግደስ እንተጀሚርካ፡ ፈለማ ክተስተብህሉ ዘግበኣካ መሰረታዊ ረቛሒ መኣዛዊ ትሕተቶን ዝሀልዎ ካሎሪን እዩ። ምኽንያቱ ኣካላትና ብግቡእ ክሰርሕ ኩሉ ዓይነት መኣዛ ስለ ዘድልዮ። ጻዕቂ መኣዛዊ ትሕዝቶ፡ ኣብ ሓደ መግቢ ዘሎ መኣዛ ብመንጽር ዝሀቦ ካሎሪ እዩ ዝልከዕ።

ኩሎም መግብታት ካሎሪ ኣለዎም፡ ኩሎም መግብታት ግና ጻዕቂ መኣዛዊ ትሕተቶ የብሎምን። ፎርሞጆ ንኣብነት እንተወሰድና፡ ልዑል ካሎሪ ክህልዎ እንከሎ፡ ቫይታሚን፡ ማዕድን፡ ፕሮቲንን ጽሕግን ግና ይጎድሎ እዩ። ብጾጊ ክፉል ናይ እንቋቑሖ፡ ካብቲ ጻዕዳ ክፋሉ ልዑል ካሎሪ ኣለዎ። ትሕተቶ ፕሮቲንን ስብሕን'ውን ብኡ መጠን ይፈላለ ማለት እዩ።

ብተወሳኺ፡ ገለ መግብታት፡ ንኣብነት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጻዕቂ መኣዛ ዘለዎም'ኳ እንተኾኑ፡ ትሕዝቶ ካሎሪኦም ግና ዝወሓደ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓያሎ ከም ርግኦ፡ ብጾጊ ናይ እንቋቑሖ፡ ኣቮካዶን ዓሳን ልዑል ካሎሪ እዩ ዘለዎም።

መግብታት ልዑል ካሎሪ ስለ ዘለዎም ንጥዕናኻ ጉዱኣቲ እዮም ማለት ኣይኮነን። ትሑት ካሎሪ ዘለዎም መግብታት ብምምጋብካ'ውን ቅኑዕ ኣገባብ ኣመጋግባ ትኽተል ዘለኻ ገይርካ ክትወስዶ የብልካን።

ኣመጋግባኻ ኣብ ትሕዝቶ ካሎሪ ጥራሕ ዘተኮረ እንተኾይኑ ‘ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል’ ዝብል ሓሳብ ብግቡእ ተረዲኡካ የለን ማለት እዩ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ጻዕቂ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣብ ዘለዎም ከም ፕሮቲን፡ ጥዕና ዘለዎ ስብሒ፡ ቫይታሚንን ማዕድንን ዝኣመሰሉ መግብታት'ውን ተገዳስነት ክትገብር ይግባእ።

ዝተፈላለዩ መግብታት ምምጋብ (Diet diversity)

ጥዕና ኣብ ዘለዎ ኣመጋግባ፡ እቲ ካልእ መሰረታዊ ረቛሒ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣመጋግባ ምኽታል እዩ።

ዝተፈላለዩ ዓይነት መግብታት ምምጋብ፡ ጥዕና ዘለዎ ክብደት ስብነት ክንውንን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕዱር ሕማማት ክንከላኸል፡ ኣካላዊ ብቕዓትና ክዕቅብ የኽእለና። ኣብ ኣመጋግባኻ መቃዩሒ እንተኼንካ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት መግቢ ክትምገብ ኣጸጋሚ እዩ።

ብዝሒ ካሎሪ

ቁጽሪ ካሎሪ ኣብ ሓደ መግቢ፡ ኣብቲ መግቢ ተኸዚኑ ዘሎ ጸዓት እዩ ዘመልክት። ኣካላትና ነቲ ካብ መግቢ ዝረኽቦ ካሎሪ፡ ክንንቀሳቐስ፡ ክንሓስብ፡ ክነስተንፍስ፡ ክንሰርሕ ከምኡ'ውን ዝኾነ ካልእ ንጥፈታት ክነካይድ እንከለና ይጥቀመሉ።

ብዝምጋም ሓደ በጺሒ፡ ምጡን ክብደት ስብነቱ ሓልዩ ክንቀሳቐስ፡ መዓልታዊ 2,000 ካሎሪ የድልዮ። እዚ መጠን ካሎሪ'ዚ ብመንጽር ዕድመ፡ ጾታን ንጡፍ ኣካላዊ ንጥፈታትን ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ካሎሪ የድልዮም። ምንቅስቓስ ኣካላት ዘዘውትሩን ኣብ ከቢድ ናይ ጉልበት ስራሕ ዝዋፈሩን ሰብ ካብቲ ብዙሕ ዘይንቀሳቐስ ወይ ተረፋዊ ዝውዕል ሰብ ዝያዳ ካሎሪ የድልዮ።

ዝተመጣጠነ መግቢ ንምንታይ የድልየና?

ዝተመጣጠነ መግቢ ኣካላትና ብግቡእ ንኽሰርሕ ዘድልዮ መኣዛ ይቕርበልና።

ዝተመጣጠነ መግቢ ምስ ዘይንወስድ ኣካላትና ንሕማም፡ ረኽሲን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ዝተቓልዐ ይኸውን። ኣካላዊ ብቕዓትና ትሑት ስለ ዝኸውን'ውን ድኹማትን ስልኩያትን ንኸውን።

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ዘይምገቡ ህጻናት ኣብ ደረጃ ዕቤቶምን ኣእምሮኣዊ ንቕሓቶምን ሓያሎ ጸገማት እዩ ዘጓንፎም።

መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ 4 ካብቶም 10 ቀዳሞት ቀተልቲ ተባሂሎም ዝጥቀሱ ሕማማት ጥዕና ምስ ዘይብሉ ኣመጋግባ ዝተኣሳሰሩ እዮም።

ንኣብነት፡
- ሕማም ልቢ፡
- መንሽሮ፡
- ወቐዒ፡
- ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር እዮም።

መኣዛዊ ትሕዝቶ መግቢ ኣብ ጥረን ዝበሰለን

መግብታት ከም ኣበሳስላኦም መኣዛዊ ትሕዝቶኦም ይቕየር እዩ። ገለ ቫይታሚናት፡ መግቢ ብዝበሰለ መጠን እናጠፍኡ ይኸዱ። ገሊኦም ድማ ኣካላትና ብቐሊሉ ክጥቀመሎም ዝያዳ ይቐርቡ።

‘ኢንዛይም’ ኣብ ህይወት ዘለዎም ፍጥረታት ዝርከብ ፕሮቲን እዩ። መግቢ ኣብ እንወስደሉ እዋን፡ ኣብ ኣካላትና ዝርከቡ መግቢ ዘሕቅቑ ‘ኢንዛይም’፡ ነቲ ዝተመገብናዮ ናብ ዝደቀቐ ወህደት (molecules) ብምቕያር መጸየም የተርፍዎ። እቲ እንምገቦ መግቢ'ውን ንምሕቃቕ ዝሕግዝ ትሕዝቶ ‘ኢንዛይም’ ኣለዎ።

‘ኢንዛይም’ ንመቐት ተኣፈፍቲ እዮም። ንልዑል መቐት ምስ ዝቃልዑ ካብ ስራሕ ወጻኢ እዮም ዝኾኑ። ብርግጽ፡ ኩሎም ‘ኢንዛይማት’ ኣብ 47 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ መቐት ካብ ስራሕ ወጻኢ ይኾኑ። ስለዚ መግብታት፡ ኣብ ዓይነቶም ይፈላለዩ'ኳ እንተኾኑ፡ ብዙሕ ክንብስሎም የብልናን።

ዘይበሰሉ መግብታት፡ ካብ ዝበሰሉ መግብታት፡ ብመኣዛዊ ትሕዝቶ ዝሓበተሙ እዮም። ገለ ትሕዝቶታት ናይ መግቢ ክበስሉ እንከለዉ ይጠፍኡ እዮም። ንኣብነት ቫይታሚን ‘ሲ’ን ‘ቢ’ን ሓዊ ምስ ዝረኸቡ ይጠፍኡ እዮም። ምስ ምብሳል መግቢ ዝጠፍኡ ሚነራላት'ውን ኣለዉ። ኣብ ስብሒ ዝሓቑ ቫይታሚናት ከም እኒ ቫይታሚን ‘ዲ’፡ ‘ኢ’ን ‘ኬይ’ን ጥራይ እዮም መግቢ ብምብሳል ትሕዝቶኦም ዘጥፍኡ።

ምጥጣቕ ሓያሎ ካብ መኣዛታት ናይ መግቢ የጥፍእ እዩ። ብዛዕባ ከም ዝበሰለ ምግቦር ግና ንገለ መኣዛዊ ትሕዝቶ ከይጠፍኦ ክጸንሕ ይገብሮ እዩ። ነዊሕ ሓዊ ዝረኸበ መግቢ ዝወሓደ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ ከም ዝጠፍእ ምፍላጥ'ውን የድሊ።

ብንጹሩ፡ ምብሳል መግቢ ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ መግቢ-ወለድ ታህዋስያን ንምቕታል ሓጋዚ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ፍሩታትን ገለ ኣሕምልትን ከይበሰሉ ምምጋብም ውሑስ እዩ - ዝተበከሉ ክሳብ ዘይኮኑ።

ስፒናች፡ ሳላጣ (lettuce)፡ ኮሚደረን ዝጥጥዑ ኣሕምልትን ገለ ካብኦም ብተደጋጋሚ ብባክተርያ ዝበከሉ ኣሕምልትን ፍረታትን እዮም።

ጥረ ስጋ፡ ዓሳ፡ እንቋቑሖን ወጽኢት ስጋን ጸባን ሕማም ከስዕቡልካ ብዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ታህዋስያን ዝተበከሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

መብዝሕትኦም ዓይነት ባክተርያ ኣብ



ልዕሊ 60 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ መቐት ብህይወት ክጸንሑ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ማለት፡ ምብሳል ብቐሊሉ ነቶም ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ኣብ መግቢ ክጸንሑ ዝኽእሉ ታህዋስያን ብቐሊሉ ከጥፍኦም ይኽእል እዩ።

ክንወስዶም ዘይግበኣና መግብታት

- ብዙሕ ማስርሕ ሓሊፍዎም ዝተዳሸኑ መግብታት፡
- ዝተጻረዩ ኣእካል (ንኣብነት ፊኖ)፡
- ሽኮርን ጨውን ተሓዊሶም ዝተዳለዉ መግብታት ወይ ጸማቕ ፍረታት፡
- ልዑል ቅብኣት ዘለዎም መግብታት ከምኡ'ውን፡
- ኣልኮላዊ መስተ፡ ካብቶም እንተኽኢልና ክንወስዶም ዘይብልና እንተዘይክኢልና ድማ ብውሑድ ዓቐን ክንወስዶም ዘለና መግብታት እዮም።

ፍረታት

ፍረታት ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎም፡ ወቕቲ ሓልዩም ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝፈርዩ ፍረታት፡ ካብቶም ካብ ደገ ዝመጽኡ ፍረታት ብምንጽጻር ሓደስቲ (fresh) ከምኡ'ውን ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣለዎም።

ፍረታት ልዑል ትሕዝቶ ሽኮር ኣለዎም። እቲ ሽኮር ግና ተፈጥሮኣዊ እዩ - ዝተመስርሐ ኣይኮነን። ዘይ ከም ካራመላን ብሽኮትን፡ ፍረታት ጽሕጊን ካልእ መኣዛዊ ትሕተቶን ይሓቑፉ። እዚ ማለት፡ እቲ ሽኮራዊ ትሕዝቶኦም ኣብ ጥዕና ሃሰያ ኣየውርድን እዩ። እኳ ደኣ ስብኦትና እኹል ቫይታሚን፡ ማዕድናትን ኣንጻር ምረት ትሕዝቶ ከዕብን ይሕግዝ።

ኣሕምልቲ

ኣሕምልቲ ምንጪ ኣገደስቲ ቫይታሚን፡ ማዕድናትን ኣንጻር ምረትን እዮም። ወቕታዊ ዝፍርዩ ኣሕምልቲ ሓደስትን ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶን እዩ ዘለዎም። ብዙሕ ምስ ዝበስሉ መኣዛዊ ትሕተቶኦም ስለ ዘጥፍኡ ብጥንቃቐ ክሰራሑ ይግባእ።

ኣእካል

ዝተጻረዩ ኣእካል፡ ከም ንማስርሒ ባንን ኬክን ንጥቀመሉ ፊኖ ማለት እዩ ትሑት መኣዛዊ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ክማስርሕ እንከሎ እቲ ዝበርሐ መኣዛዊ ትሕዝቶን ጽሕግን ከም ዝጸሊ ስለ ዝግበር እዩ።

ኣእካል ጊሪሎም ከይተኣልየ ቡቃ ዘተጣሕንዎ ንመግቢ ምስ ዝዳለዉ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ እዩ ዝህልዎም። ልዑል ምንጪ ካርቦሃይድረይት፡ ቫይታሚን፡ ማዕድናትን ጽሕግን ይኾኑ።

ፕሮቲን

ስጋን ጥረታትን ምንጪ ፕሮቲን እዮም። መጉዳእቲ ወይ ማሰርቲ ምስ ዘጋጥመና ቀልጢፉ ክጾግን ዝሕግዞ መኣዛ ፕሮቲን እዩ። ፕሮቲን ንኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ዕቤት'ውን ኣገዳሲ መኣዛ እዩ።

ናይ እንስሳ ፕሮቲን

ጥዕና ዘለዎም ካብ እንስሳ ንረኽቦም ፕሮቲን፦
- ስብሒ ዘይብሉ ቀይሕ ስጋ፡
- ስጋ ደርሆ፡
- ዓሳ - ሳልሞንን ሳርዲንን ንምጥቃስ ይኣኽል።

ተመስሪሑ ዝተዳለወ ስጋ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ።


ካብ ኣትክልቲ ዝርከብ ፕሮቲን


ጥረታትን ሰዊን ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲንን ጽሕግን ኣለዎም። ንኣብነት፡ ዓደስ፡ ባልደንጓ፡ ዓተርን ሰፍን ክጥቀሱ ይኣኽሉ።

ጸባን ወጽኢት ጸባን

ፕሮቲን፡ ካልሲየምን ቫይታሚን ‘ዲ’ን ገለ ካብቶም ካብ ጸባን ወጽኢት ጸባን እንረኽቦም መኣዛዊ ትሕዝቶ እዮም። እዞም መኣዛዊ ትሕዝቶ ካብ ጸባ ወጻኢ ካብ እንጣጢዕ፡ ፋል፡ ኣስትሰን ኮኖናትን ክንረኽቦም ንኽእል ኢና።

ምንጪ፦ health line





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ብስነ-ጥበብ ዝደመቐ ቅንያት

ካብታ ቁልዑ ኣብ ጎደናታት ካርታን ጥንዴራን ኤርትራ ስኢሎም ንዝሓለፈ ዘርእዩሉ ምርኢት ጎደና ክሳዕ'ቲ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ፥ ስነ ጥበብ ማእከል ኩሉ መደባትና ኮይኑ'ዩ ቀጺሉ። ጽንብል በዓል ናጽነት ኣርሓ ውራያትና'ዩ። ኩሉ ዝተኻፍለ ስለኣ ስለ ዝኾነ፤ ስነ ጥበብ ነቲ ድግስ ብልዑል ጥበብን ኣቀራርባን ስለ ዝገልጾ፥ ብሓባር ንዘምር፥ ንልሀ፥ ንገጥም፥ ንምጉብ . . . ። ኩሉ ኣካል ባህልን ስነ ጥበብን። ስነ ጥበብ ምርኣይ ደኣ ኮይኑ'ምበር፥ ንገዛእ ርእሱ ኣካል ባህሊ'ዩ። ማዕረ ባህሊ ተሰሪዑ'ዩ ግን ዝጽዋዕ። "ባህልን ስነ ጥበብን" ንብል፣ ኣብቲ ናይ እንግሊዝኛ እውን "Culture and Arts" ክብሃል ንርእዮ ኢና። ስነ ጥበብ መግለጺ ባህሊ'ዩ። ሃገራዊ ጽንብላትና ኣካል ሃገራዊ ባህልና። መኽተ'ዩ ባህልና፣ ስነ ጥበብና ድማ ስነ ጥበብ መኽተ።

ብስነ ጥበብ ዝወከል ምዕሩግ ጽንብላት ናጽነት ከም ባህሊ ካብ ዝሰርጽ 34 ዓመቱ ኩብዕል ቀጺሉ። ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታዊ ኣብ ዝተኻየዳ በዓላት፥ እቲ መሪሕ ሓሳብ ንስነ ጥበባዊ ፍርያት፥ "ሃገራዊ ጭርሖ" እዩ። ዝጠዝሉ ስነ ጥበበኛታት፥ ኣቐዲሞም ጭርሖ በዓል ናጽነት ይሓቱ'ሞ ትሕዝቶ መደባቶም ብእኡ ይቃንዩዎ። ነታ ጭርሖ ቀልጢፎም እንተ ዘይረኺቦማ፥ ኣብ ዓበይቲ ሃገራዊ ክብርታት፥ ህሉው ኩነታት፥ ትርጉምን መትከላትን ናጽነት፥ ወዘተ ማእከል ገይሮም ይሰርሑ። ኣብ 1991 ጭርሖ በዓል ናጽነት፥ "ጹሓይና መሊኣ በሪቓ!" ከም ዝበረ ንዘክር ንኸውን። ምስ ምልኣት ጹሓይ ሃገራዊ ናጽነት ተኣሳሲሩ ዝወጽአ'ዩ። ኣብቲ መድረኽ'ቲ ዝተቐንጠጠ ጸላምን ዝበረቐት ጹሓይን ኢና ርኢና። ቃልሲ 30 ዓመት ብምልኣት ብራቕ ጹሓይ ኣብ ወዲ ምዕራፍ በጺሑ። ካብኡ ዝቐጸለ ዓመታዊ ምስ ዳግመ ህንጻ ሃገር፥ ልምዓትን መኽተን ንጹር ራእይን ቅኑዕ መስመርን ዝተሓላለዘ ጭርሖታት ሰዊቡ።

ስነ ጥበቡ ብኸሉ መልክዓቱ ኣብቲ ሃገራዊ ዛዕባ ከተኩር ኣብ ቅንያት ናጽነት ጥራይ ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ሃገራዊ መደባት - በዓላትን ዝኽርታትን - እቲ ዓቢሊ ዛዕባ ስነ ጥበበ'ዩ ግን። ስነ ጥበቡ ነቲ ሕሉፍ፥ ህሉው፥ መጻኢ መድረኻት ኣጸብቒን ጥምርን ኣቢሉ ስለ ዘቕርቦ ነቲ ዝተሓላለኸ መድረኽ ብቐሊልን ተዘኩርን ቋንቋ፥ ስእሊ፥ ሓሳብ ቀረቡ ብዙሓት ዝቐርብዎ መኣዲ ይፈጥረሉ። ኣብቲ መኣዲ ዝተፈላለየ ሕብሩ፥ ተመክሮ፥ ዝንባሌ፥ ዕድሜ፥ ጾታ፥ . . . ዘሎና ሰባት ተቐራሪብና ክንሰፍ፥ ብሓባር ክንተማቐር። እቲ ብሓባር ዝስተማቕር ድማ ናይ ሓባር ኮይኑ ይንብርን ይሰጋገርን። ስለዚ'ዩ ዝኾነ ስነ ጥበባዊ ዕዮ ካርንት ዝሀቦ ርቀት ዘድልዮ ወይ ዝሓትት። ካርን ተዘኮርን ንክኸውን ድማ ልዑል ብቕዓት ኣቀራርባ ይሓትት።

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ብዙሕ ስነ ጥበባዊ ዕዮ ይፈሪ'ዩ። እቲ ተፋፍዩ ዝምረጽ ግን ዝወሓደ'ዩ። ካብቲ ዝወሓደ ዝምረጽ፥ እቲ ዝበለጸ ድማ ኣዝዩ ዝወሓደ'ዩ። እቲ ኣዝዩ ዝወሓደን እኹልን እዩ ግን ዝለዓለ ጥምረት ስምዒት ዝፈጥር። ብልዑል ጥበብ ዝተፈትለ ዕዮ ስነ ጥበቡ ምስሊ ናይቲ ዘፍረዮ ሕብረተሰብ ይወክልን የንጸባርቕን። ስለዚ ድማ'ዩ ኣብ ማዕዶ ልዑል ክእለት ዘለዎም ሞያውያን ዘድልዩና። ስነ ጥበቡ ምሉእ ግዜኦም ዝወፍዩሉ፥ ብዝለዓለ ደረጃ ዝሕዝዎ፥ ዝሰርሑ እንተ ሰርሑ ፍጹም ዘይዓግቡ ወይ እቲ ብልጹት ጌና'ዩ ብዝብሉ'ዩ ዝወከልን ዝምራሕን።

ዓመታት ሓሊፉ ግን ምስ ሰማዕካዮ ወይ ምስ ረኣኻዮ ፍጹም ዘይመኻኻዩ፥ እናክትሰምዓ መመሊሳ እትሕደሶካ ወይ ስምዒትካ እትቕስቕስ ዕዮ ስነ ጥበብ ጥቓስ እንተ ትብሃል ንመን ምጠቕስካ፧ ስለምንታይ፧ ካልኣትካ ምስዛ ዕዮ ከምዚ ናትካ ምትእስሳር ኣለምምዶ፧ እቲ ናይ ሓባር ዝጉበራ እንታይ እዩ፧ ምስ ውልቃዊ ህይወትካ ስለ እትተኣሳሰር ደዩ ወይስ ሓባራዊ ዛዕባ ኣልዒላ ናይ ሓባር ወኒ ስለ እትቕስቕስ'ዩ፧ ማለት፥ ከምቲ ንዓኻ ንብዙሓት ካልኦት ወናም ትትንክፎም ድያ፧ ከምዚ ዝኣመሳሰለ ጥበባዊ ክብሪ ዘለዎ ዕዮ ስነ ጥበበከ ብኸመይ ይፈሪ፧ ብስብ ፍሉይ ተውህቦ ደዩ ወይስ ተውህቦኦም ኣሊልዮም ግዜን ፍልጠትን ከፊሎም ብዝሰርሑ፥ እቲ ሕቶ ብዙሕ'ዩ።

ኣብ ቅንያት ናይዚ "ማስመርና ድርዕና" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ክንጽንብሎ ዝቐኖ በዓል ናጽነት፥ ነቲ ማስመር መለሱ ዝድርዕ ትርጉሙ ዘኩልሑ፥ ኣጉዳሲኡ፥ ዘርኹ ብምንጸር ሕሉፍ፥ ህሉውን መጻእን ዝጥምት ብርኽት ዝበለ ዕዮ ስነ ጥበብ ፈርዩ። ኩሉ ዝፈረየ፥ ከም ደረጃኡ፥ ኣብቲ ሓባራዊ መረዳእታ ገለ ኣበርክቶ ኣንበሩ ክበሃል ይከኣል። እቲ ወጸእ ዝበለ ጸባቐ ዘለዎ ድማ ንሕጂን ጽባሕን እናተዘመረሉ ክቕጽል'ዩ። ኩላትና ብሓባር "ማስመርና ድርዕና" ከም እንብል ዝበረና እዚ ዕዮታት፥ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት፥ ኮማዊ ዳሳት፥ ኣደራሻት ምርኢት፥ ጎደናታት . . . ብብዝሕን ብጽጥቐን'ዩ ቀሪቡ። ሞሳ ስነ ጥበበኛታትና፥ ኣብቲ ንዓመታት ዝኸደ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣብቲ ሕብረተሰቦም ጽንብል ናጽነቱ ንኽጽንብል ዘበርክቱዎ ኣማዕራጊ ግደ እዩ ዘሎ። ብሞያዊ ኣበርክቶኻ ሓፋሽ ልቡ መሊኡ ክዘናጋዕ፥ ክልሀ፥ ክድገፍ፥ ወኑ ክቕስቀስ ካብ ምርኣይ ዝዓቢ ሞሳ ስነ ጥበብ የለን።

ኩለን ዞባታት ሃገርና፥ ነዚ ክብር ሃገራዊ በዓል ጸሚደን መደባተን የካይዳ ምህላወን ነቲ ዝፈረ ስነ ጥበባዊ ዕዮ ሓድሽ ኣንፈት ዘኩሕዝዩ። እንሆ ባይታ፥ እንሆ ፈረስ ከም ዝተባህሉ፥ ስነ ጥበብና ህይወትን ታሪኽን ህዝብና ብዝለዓለ ደረጃ ከንጸባርቕ፥ ካብ ትማሊ ሎሚ፥ ካብ ሎሚ ጽባሕ ዝሓይል ፍርያት ክፍሪ መድረኻዊ ብድሆን ዕድልን ገጢሙዎ ኣሎ። ዋጋ ህላወ ሃገርና ኣመና ክቡርን ዝተሓላለኸን ስለ ዝኾነ፥ ንእኡ ዝበቅዕ ዕዮ ከፍሪ ሓያል ጻዕርን ዓቕምን ይሓተና።



### ናጽነትዶ በልኩም፧

ጸገ ኢልኩም፥
እዝዚ ሂብኩም፥
ልቢ ኣውዲቕኩም. . .
እንተ ሰሚዕኩሞኺ
ዝኽርታት ቀረፈ
ዝብሎ'ሎኺ።

በዚ ብኣይ፥ ከምዚ ከማይ፥
ቁልዓ'የ ነይረ፤
"ናጽነት! ናጽነት!" እናተጨደረ
"ናጽነት መጺኣ!" እናተዓለለ።
ግንቦት 91 እንደዩ'ታ ዝበረ፤!
ስሉሳታት'ኳ ተሳቢረ፤
"ኣሪገየ ማስለ፥ ሸምጊለ"
ግዲ'ብልኩምኒ፥ ብናጽነት ዘዓንተረ
ኀበዘየ ነይረ።

ሳላ'ቶም መማህራን
እቶም መእምራን
'ኳ'ቶም ኣካሉሰሸኩላኒ፥
ንባህሊ ናጽነት
ጸምኢ ሓርነት
ኀሲመዮ ብንኡሰይ
ሰሪጹ ኣብ መንፈሰይ፥
"ናጽነት! ናጽነት!" ጨዲረ
ከም ሰበይ ዞሚረ፥
ጥዑም ሰኸራን ሰኺረ።

ኣይርሰዖን፥ ዘበት!
እንሆ ኣብ ዓይነይ ብሀዋት።
ሓንቲ እግሪ ኣይሃበረቶን -
ናይ ሕሱብ መማህርና፤
ሓንቲ ዓይኒ ኣልቦ -
ናይ ቋንቋና፤
ኢደ-እግሩ ዝተሊጋበ -
ናይ ጂኦግራፍና፤
'ማንዲብል' ይብሉዎ
ናይ ስነ ፍልጠትና፤. . .
ፈወሲ ማሕለ'ኳ፤
ኣይሃበርምን ምሉእ ኣካሉ
ሰዂልናን ማስዋእትን ዋጋ ናጽነት
እንድኣሉ።

ተጋዲሎም፥ ንናጽነትና
ሰዂሎም፥ ንሓርነትና

ከምቲ ዛንታ ሸምጓ
ትመካኸ፥ የንጠብጥብ ሰምዓ
ትብርህ፥ ተብርህ ጸላም ቀሊዓ
ናጽነት መጺኣ፥ ሰቡ በሊዓ።

ምስ ሰዂሎ፥ ጌና ዘዕረፉ
ኣምራት ናጽነትን ሓርነትን ከይገደፉ፥
ናባና ከሰርጹዎ ብወረቐትን ብርዕን
ኣሰርም ክንስዕብ ብናጽነትን ርትዕን፤
"ኤርትራ! ኤርትራ!" ንዘምር
"ሓርነት! ናጽነት!" ንጭድር
"ማስዋእቲ ዋጋ ሓርነት!" ንምድር. . .

ብዚግናዮ ሰዂልና
ስልማት ንሓርነትና
ንሕበን ብጅግናና
ዓብ ናጽነት ዘርሓወልና፤
መውጋእትን ማስዋእትን
ኢድን ጓንትን
ንሓርነትን ናጽነትን. . .

ኩሎም ዝሓለፉ
ኣካሎቶም ዘጉረፉ
ብናጽነት ዘዕረፉ
ንሳቶም ይገድሉ
ንኣኣ ይምልኡ
ናጽነት፥ ምልኣት እንድኣሉ!
ምልኣት'ዩ፥ ምልኣት ልቢ
ምልኣት'ዩ፥ ምልኣት ባህሊ
ምልኣት'ዩ፥ ናጽነት ዓቢ!
ዓቢ ብዓበኡ፥ ልዕሊ ዓቢ
ኣድማስ ዝዋርግ ዓቢ
ናጽነት ክብረት፥ ክብረት ህዝቢ።

ናጽነት ይነብር፥ ይጸንበል ብወኒ
ናጽነት ይድለ፥ ይሕሎ ከም ብሌን
ዓይኒ፤
ናጽነት እንተ'ዘየሉ፥ ኣይርእየካ
ኣይትርእየኒ፤
ናጽነትና ንሓሉ፥
ናጽነት መርዓት ዓይኒ፤
ናጽነትና ንሓሉ፥
ናጽነት ናይ ህላወና መትኒ!

ኤ. ሃ. 2025

## "ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እትመውት ሰብኣይ ክትከውን ኣለካ!"

ኣቦይ፥ ወላዲየይ ጥራይ ኣይኮነን፥ ናይ ሂወት መምህረይ'ውን'ዩ። ደረጃ ትምህርቱ ካብ መባእታ ኣይሓለፈን። ዕድመን ትምህርትን ወሲኹ፥ ተመኩሮ'ውን ኣጥርዩ ከበቅዕ ዝኸደለ፥ ከምልእ ፈለማ ቁሊሕ ዝበሎ ኣቦይ እዩ። ከምቲ ኣነ ዝኣምኖ፥ ንሱ'ውን ይኣምነለይ። ብዙሕ እዋን፥ "ኣብዚ ዓዲ ከማኻ ዝፍዕ የለን!" ዝተብሃልኩዎ ኣይርስዖን'የ። ብትምህርተይ ሕገስ ነይሩ፤ ክንሲ በርኻ እንተ ወፈርኩ'ውን ኩቡትና፥ ብፍላይ ከኣ ኣብዑርና፥ ኩብዶም ክቦ ከይገበሩዋ ኣይኣተቡን ነርኩ። እንሓንሳብ፥ ሳዕሪ በሊዖም ምጽጋብ እንተ ኣብዮምኒ፥ እኽሊ ክጭልዕምዱ (ክበልዑ) እፈቕደሎም።

ሓደ መዓልቲ፥ ኣብ እዋን ምውዳእ ክረምቲ፥ ማይ ክንሕጸብ ኣብ መንጎ ኣረጊት ዓውድን ማይ ተፈርሞን ናብ ዝርከብ ንእሹቶ ዛረዩ ሩባ ከድና። ኣካላተይ ቶግ ቶግ ኢሉ ቆሲሉ ብምንባሩ፥ ኣቦይ መሕወዪ ቁስሊ ኢሉ ካብ ፋርማሲ ዝገዘኣለይ ሳሙና ገይሩ ሕጽብ ቀጺዱ'ዩ። ጨና ናይታ ሳሙና ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣፍንጫይ ኣሎ። ሓሙሻይ ክፍሊ ወዲአ ናብ ሻድሻይ ዝሓለፍኩሉ'ዩ። ኣብ ወርሒ ሰኔ ትምህርቲ ናይ ዝሓለፍኩ ዝተኸደንኩዎ ቱታ ብሓድሽ፥ ንቐዳስ የውሃስ ተባሂሉ ከኣ መንጠልጠል ዘለዎ ሰሪ ምስ ንኣሸቱ ኣሕዋተይ ተሰፊያለይ።

ኣብዛ መዓልቲ'ዛኣ ክንሕጸብ እናኸድና፥ "ስምዓን ወደይ፥ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እትመውት ሰብኣይ ክትከውን ኣለካ!" ምስ በለኒ፥ ግር ኢሉኒ። ቅድሚኡ ክዓብ፥ ከም ኣቦይ እኹል ሰብኣይ ክኸውን'ምበር ክመውት ምኳነይ ሓሲበሉ ኣይፈልጥን ነይረ። "ክንደይ ግዜ ደዩ'ኸ ዝምወት!" ኢለ ምስ ሓተትኩዎ ተገሪሙ፥ እታ ምኽሪ ቀደም ቁልዓ እንከሎ ካብ ኣቡሓጎይ ከም ዝወሰዳ ሓቢሩ ዘርዚሩለይ።

"ሰብ ሓንሳብ'ዩ ዝውለድ፣ ከምታ ሓንሳብ ዝተወልዳ ከኣ ሓንሳብ ጥራይ ክመውት ኣለዎ። ክንመውት ስለ ዝተፈጠርና ከይንመውት ክንፈርሕ የብልናን። መዓስ ብዘየገድስ፥ ሓንቲ መዓልቲ ክንመውት ኢና። ፈርሓትን ሓሰውትን ግን ኩሉ ግዜ እዮም ዝሞቱ። ብዘፈራሕነቶም ትሕሱ፥ ብዘሓሰኖም ከኣ ትፈርሕ፣ ሸቐናር ሂወት ከኣ ምስ ሂወት ዝሕሱብ ኣይኮነን" ኢሉ መንታዊ መግለጺ ገበረለይ። ነዚ ሓፈሻዊ መንት ናብ ስድራቤትና ኣምጺኡ ከኣ፥ "ንሕና ብጦሮና ዝሕሱን ዝፈርሕን የብልናን" ኢሉ ኣቡሓጎይ መሬት ርስቲ ከምልስ ኣብ ዓድና፥ ቅኦ ሓያሎ፥ ኢያሞ፥ ኣርማሮ፥ ዓዲ ጉብሩን ዓዲ ብሓይላይን ዘቖዶ መንት ዘርዚረለይ። ኣቡሓጎይ ኣብቲ እዋን'ቲ ሸምጊሉ'ኳ እንተ ነበረ፥ ሕፋር ሰብኣይ ደኣ ነበረ። መጉቱ ዝረትዕ ምስ ብዙሓት ገጢሙ ዝሰዕር ጅግና ኮይኑ ተራእዩ'ሞ፥ መሊሱ ፈተኹዎ።

እዛ ምኽሪ፥ ሕልፊ ኩሉ ምኽርታት ኣቦይ፥ ብኸመይ ፈልየ ከም ዘስተብሃልኩላ መግለጺ የብለይን። ኣብ መናድቕ ልበይ ብናይ ዝኸሪ መስመር ሸንኪረ ከም ዘንጠልጠልኩዋ ግን ዝኸረይን ስምዒተይን ምስክረይ እዩ። ኣብ 2005፥ ኣብ መበል 19 ዙርያ ንሳዋ ምስ ከድኩ፥ ናፍቖተይ ብምልኡ ስድራቤታዊ ጥራይ ስለ ዝነበረ፥ ደብዳበ ጽሒፈን ተቐቢለን ምጽጋብ ሰኣንኩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣቦይ ምስ ኩጥንያ ህንጻ ሰገን "መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ" ምስ እትሰርሕ ዝነበረት ኣሃዱ'ዩ ነይሩ። ገዛውቲ ተኸናቲሩ ይሃንጽ ብምንባሩ፥ ክሳዕ ሽው ከምዚ ባዕሉ ተኸናቲሩ ዝሃነጸ ኮይና'ያ እትሰምዓኒ - ሆስፒታል ባረንቱ። ኣቦይ'ውን ፍሉይ ጦብላሕታ ኣለዎ። ሓደ መዓልቲ፥ ኣብ 2022፥ ናብ ባረንቱ ምስ ገሺኩ ደወለለይ'ሞ፥ "ባረንቱ'የ ዘለኹ" ምስ በልኩዎ፥ "ነታ ሆስፒታል እሞ ስኢልካ ስደደለይ" በለኒ። ኣቦይ ኣብ ባረንቱ እንከሎ ንዝሰደደለይ ደብዳቤ "ስምዓን ወደይ፥ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እትመውት ሰብኣይ ክትከውን ኣለካ!" ዝብል ኣርእስቲ ገበርኩሉ።

እታ ደብዳበ መወጸኢ ትሃን ናፍቖተይ ኣይሃበረትን - ብሓቂ - ኣብ ልዕሊ ኣቦይ ዘለዊ ኣድናቖት'ያ መሊኣ። በዘ ደብዳበ'ዘኣ ነታ ምኽሪ ኣብ ልበይ ከም ዝቐጸርኩዋ ከም ዝፈለጠ ንሱ'ውን ብደብዳበ ገሊጹለይ።

ኣብ 2 ግንቦት 2024 ብዓልቲ ቤተይ ወዲ ምስ ተበኮረት፥ ኣቦ ምኳን እንታይ ከም ዝጥዕም ጥዒመዮ። ንሱ፥ ተንሲኣ እትኣቦ መልእኽቲ ፍቕርን ክብርን ኣብ ጭራም ወረቐት ኣሰፊረ ክልጥፈላ ምስ ቀኃኹ፥ ኣብ 23 ግንቦት፥ "ጽባሕ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ምኳኑ ንገርዩ፤" እትብል ጽሕፍቲ ጠቂዐ። ንጽባሒቱ ኣብ ርእሲ'ቲ ንኣኣ ዝበልኩዎ፥ "ሙሴ ወደይ፥ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እትመውት ሰብኣይ ክትከውን ኣለካ! ይብለካ'ሎ ኣቦኻ በሊሉ፥" እትብል ጽሕፍቲ'ውን ጠቂዐ። ሙሴ ወደይ፥ "ኣቦይ ዝበሎ" እናበለ ክዘክሮ ዝኽእል ጠቓሚ ምህሮ እእልሽ ኣለኹ።

ምንጪ፤ ER Media

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

# ብቕዓትን ኣበርክቶን ተመሃሮ ኮለጃት ዘድመቐ ውዕውዕ ፈስቲቫል

ስእሊ፡ ኪብሮም ጻሃየ



ሃገራውን ሕብረተሰባውን ክብርታት ብግቡእ ምግንዛብን ምልባስን ንመንነትካ፡ ንህላወኻን ኣበርክቶኻን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ምሉእ ትርጉም ዝህቦ እዩ። ሃገራውን ኮማውን ረብሓታት ቀዳምነት ምሃብ፡ ብልዑል ዲስፕሊን ምምራሕ፡ ሓያል ባህሊ ስራሕ ምውናን፡ ብሓድሕዳዊ ምኽባር ምጉዓዝ፡ ሓላፍነትካ፡ ግቡእካን መሰልካን ብግቡእ ምርዳእ፡ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ሓባራውን ውልቃውን ዕቤት ብጻዕርን ስራሕን ጥራይ ዝረጋገጽ ምዃኑ ወዘተ. ምርዳእን ምግንዛብን ኣገዳሲ'ዩ።

ብሕልፊ ተመሃሮ ኮለጃት ከም ቀለስቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካውን ተክኖሎጂያውን ምዕባለ፡ ኣበርክቶኦም ኣብ ሕብረተሰብ ክዕዘዙ ሓላፍነቶም ምዃኑ ብግቡእ ክግንዘቡ የድሊ። ሃገር ብፍልጠትን ጻዕርን ምጽማምን ዜጋታታ ጥራይ ትህነጽን ትምዕበልን ምዃና ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ዓለም ክመሃሩን ክዘክሩን ኣድላዪ እዩ። ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታናን ኣመጻጽኣና ከም ህዝብን ሃገርን እውን ነዚ ዘረጋግጽ'ዩ።

ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ኣብዚ ኣመለኻኽታ'ዚ ብምብጋስ ዓመት መጸ ከም ኣካል ናይ መደባቱ ምስ ኮለጃት ብምውህሃድ ብደረጃ ኮለጅን ኩለን ኮለጃት ዝሳተፍኦ



ጥሙር ፈስቲቫልን ክካይድ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ምስ መበል 34 በዓል ናጽነት ተዛሚዱ፡ "ሞያና ንሕብረተሰብና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 15-18 ግንቦት ኣብ ኮለጅ ማይ ነፍሒ ብልዑል ወንን ሃገራዊ መንፈስን ዝተሰላሰለ መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮለጃት እምበር፡ መቐጸልታ ናይ'ዚ ክግለጽ ዝጸንሐ'ዩ። ኣብቲ ፈስቲቫል ዝተንጸባረቐ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ፈጠራውን ጥበባውን ምርኢታትን፡ ብቕዓትን ኣበርክቶን ተመሃሮ ኮለጃት ዘድመቐ'ዩ ነይሩ። ተመሃሮ ኮለጃት ዝቕሰምዎ ሞያን ፍልጠትን ንረብሓ ሃገርን ሕብረተሰብን ከውዕልዎ ሓላፍነቶም ምዃኑ ብዘየኻኽርን ዝድርኽን መንፈስ ድማ'ዩ ተኻይዱ።

ኣብቲ ብ8 ግንቦት ላዕለዎት ሰብ መዚ መንግስትን ግንባርን ኣባላት ማሕበረሰብ ኮለጃትን እተሳተፍዎ መዛዘሚ ጽንብል፡ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ኣካል መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮለጃት ብጻይ ሚሮን ኣብርሃም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ፈስቲቫል፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ብቕዓት ተመሃሮ መንእሰያት ኮለጃት ዝምርምርን ዘቕስቅስን፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ዘውርስ፡ መንፈስ ተወዳዳርነት ዘዕቢ፡ ብቕዓት ዘረጋግጽ፡ ድሉውነት



ንሞያዊ ስራሕ ዘዕብን ሃገራዊ ስምዒት ዘለዓዕልን ፈስቲቫል፡ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ ስፖርታዊ፡ ፍልጠት ጠቀስ፡ ምህዞን ሰንዓን ከምኡ'ውን ባህላውን ስነጥበባውን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ልዕሊ 33 ውድድራት ከም እተኻየደ ገለጸ።

ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት፡- ራዳይታ፡ ተወሰጥን ጉታ ገመድን ያታዊ ስፖርት ክካየድ እንከሎ፡ ኣብ ዘመናዊ ስፖርት ድማ ኣብ ኩዕሶ እግሪ፡ ኩዕሶ ሰኪዔትን ኩዕሶ መርበብን ብኽልቲኡ ጾታታት፡ ኣብ ኣትሌቲክስ ናይ 100፡ 200፡ 800፡ 1500 ሜትሮ ከምኡ'ውን ናይ 400 ሜትሮ ሪለይን'ዩ ተኻይዱ። ሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ኒሕን ዝተራእየሉ ድማ ነይሩ።

መንእሰያት ሓያል ናይ ተበላሓትነቶምን ክእለቶምን ዘርኣዩሉ ናይ ኤግዚቢሽን ውድድራት'ውን ኣካል ናይ'ቲ ፈስቲቫል ነይሮም። ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝቐረቡ ምህዞን ሰንዓን፡ ቅብኣ፡ ቅርጻ ምስሊ ማሕበርን ምስሊ ኮለጅን ብዘደንቕ ርቀትን ጥበብን ዝሓለፈ ስራሕ ዝተዳለወ'ዩ ነይሩ።

ኣብ መበል 12 ፈስቲቫል ዝቐረቡ ባህላዊ ትሕዝቶታት ብውሕሉል ኣገባብትን ብመጽናዕትን ተሰንዮም እዮም ተኻይደም። ኣብ ባህላዊ ውድድር ስነ-ጽሑፍ፡ ግጥሚ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ዘመናዊ ትልሂት፡ ዘመናዊ መዚቃ፡ ያታዊ ትልሂትን ድራማን ከምኡ'ውን ንቓልሲ ሰውራ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ምስሊ ገድልን ምርኢት ያታዊ ቅዲ ኣልባሳትን ቁንጅናን ቀሪቦም።

ኣብ ትምህርታውን ፍልጠት



ጠቀስን ውድድራት ድማ፡ ኣካዳማያዊ ብቕዓት ተመሃሮ ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ፡ ኣህጉራዊ፡ እዋናዊ፡ ታሪኻዊ፡ ጥዕናውን ካልኦትን ኣርእስታት ዝፈተሸ፡ ዓቕሚ ተወዳደርቲ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ጎሊሑ ዝተራእየሉ ፈስቲቫል'ዩ ነይሩ። ዝተኻየዱ ውድድራት ትንተና ብቛንቋ እንግሊዝ፡ መደረ ብቛንቋታት ዓረብን ትግርኛን፡ ክትዕ ብቛንቋ እንግሊዝ ከምኡ'ውን መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ወረቓቕትን ሓፈሻዊ ንቕሓት ተመሃሮ ዘሁብትሙ ኣብ ብዙሕ ኣርእስታት ሰሚናራት ዝሓቖፈ'ዩ ነይሩ።

ብጻይ ሚሮን ኣብ መወዳእታ፡ ኑቶም ብምጡን ጸጋታት ወዕውዕ፡ ኣሳታፊ፡ መሳጢ ኣካዳምያውን ዘይኣካድምያውን ዕዮታት ዝተጻናባረቐሉ ትሕዝቶታት ዝሓቖፈ ንጥፈታት ኣብ ምዕዋቱ ንዘጸዓቱ ኣሰናዳኢት ኮሚተ፡ ኮሚተታት ኮለጅ፡ ኣኣንጋዲት ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ መሻርኽቲ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ማሕበራትን ማሕበረሰብ ኮለጃትን ሞጊሱ። ንምምሕዳርን ህዝብን ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ኮርፖረሽን ኤሌክትሪክሲቲ ኤርትራ፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ፖሊስ ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒን'ውን ዝዋባእ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ብስነጥበባዊ መሰናድኦ ዝደመቐ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ኣብ ትምህርታዊ፡ ባህላዊ፡ ስነጥበባውን ስፖርታውን ውድድራት ብደረጃ ኮለጃትን ውልቅን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ኮለጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ድማ ብዘመዝገቦ ውህሉል ነጥቢ ጉብለል መበል 12 ፈስቲቫል ተመሃሮ ኮለጃት ብምዃን ካብ ኢድ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብ/ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ዓባይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ቅድሚ መዛዘሚ ጽንብል ፈስቲቫል ምኽያዱ፡ ብ/ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ንተራ መንእሰያትን ተመሃሮ ኮለጃትን ኣብ ድሕነት፡ ርግኣትን ልምዓትን ሃገር ኣመልኪቱ ንተሳተፍቲ ፈስቲቫል ሰሚናር ኣካይዱ ነይሩ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ቀዳማይ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣካዪዳ

ሰእሊ - ክብሮም ጸጋዬ

ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፥ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኒጀር ምሕዝነታዊ ግጥም ቦታ ክትረብሓሉ፥ በሲዓ ክትሓልፍ እኳ እንተፈተነት፣ ዕወት ግን ኣይነበረን። ኣብ'ተን ዝሓለፋ ክዓስሱ'ውን ተመሓይሻ እያ ቀሪባ። ብፍላይ ብመልሰ መጥቃዕቲን ካብ ጉድለት ተጻወትቲ ኒጀር ብእትረኽበን ዝነበራ ዕድላትን መቐጸዕቲ ኒጀር ምስሓው ተጻወትቲ ኣብ ዘጋጥማሉ ዝረኸብኦ ዝነበሩ ዕድላት፡ ሰሪ ውሕሉል ጸወታን ምርድዳእን ኣብሺኖሞ ሽቶ ናይ ምቁጻር ተኽእሎም ክዕቢ ይኽእል እዩ።

ተጻወትቲ ኒጀር'ውን ሓሓሊፎም





ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኩሎም ተጻወትታ ካብ ክለባት ዞባ ማእከል፡ ዝበዝሑ ከኣ፡ ካብ ደንደን ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕረርን ዝመረጸት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፥ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣህጉራዊ ጸወታ ተካይድ ብምህላዋ፡ ጸቡ'ቕ ተመኩሮ እዩ።

ኒጀር'ውን ብመሰረት ስምምዕ ክልተኣን ጋንታታት፡ ናይ ወሽጢ ሃገር ተጻወትቲ ጥራይ ሒዛ ብምምጻኣ፡ ጸወታ ማዘናዊ እዩ ነይሩ። ኣብ ቀዳሞት ደቓይቕ ብምግናይ ክንፊ ብዘተረኽበት ናጻ ቅላዕ ቀዳመይቲ ግና ከኣ ኣብ ዕላማ ዘይሃረመት ፈተነ ብምኻያድ ዝጀመረት ኒጀር፡ ብኽልተ ክንፊን ብናይ መኣዝን ቅላዕን ሽቶ ንምቑጻር ተንቀሳቒሳ።

ብመገዲ ሮመል ዓብዱ፥ ካብ ልዳት ተፈንቲታ ዝወጸት ቀዳመይቲ ፈተነኣ ዘካየደት ኤርትራ ብወገና፡ ኣብ ማእከል ምክልኻል ኒጀር ንዝርኣ ዝነበረ ክፉት ተጻወትታ ካብ ጸወታ ወጻኢ ብምንባሮም ኣይተጠቐመትለንን። ቀዳማይ እብረ ድማ ዐብዐ ተዛዚሙ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፥ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፥ ካብታ ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ብዝደጋገሚ ልዳት ኒጀር በጺሓ እያ። እንተኾነ'ተጻወትቲ እዛ ጋንታ፡ መዛኑኦም ኒጀራውያን ዳግማይ ከይተወደቡ ከለዉ ንዝረኸብዎ ዕድላት፡ ብዘይጉጉእ ክጥቀሙሉ ኣይከኣሉን። ብፍላይ ኣብ ሳጹን ቅላዕ እዮም፡ ዝፈጠርዎ ዝነበሩ ቅልጡፍ መልሰ መጥቃዕቲ ግና፡ መሳጢ ነይሩ። ኣብታ እትስዕብ ጸወታ፡ ኣብ ማእከል መጥቃዕቲን ጸወታ ኣብ ምህንዳስን ልዑል ምልከት ዘለዎም ተጻወትቲ እንተተሓዊሶምም ድማ ንሓላዊ ልዳት ኤርትራ ክብሮም ሰለሙን ፈቲኖሞ እዮም። ካብ ኣፍ ደገ ልዳት ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ተራር ህሪም ዘድሓነ ክብሮም ግና፡ ብቐሊሉ ዝሕለፍ ኣይነበረን። ካልኣይ እብረ'ውን ሽቶ ስለዘይተመዝገበ፡ ጸወታ ዐብዐ ተዛዚሙ።



ቅድሚ ሕጂ ተራኺበን ዘይፈልጣ ንውድድር 'ቻን' ኣብ ምድላው ብምህላወን፡ ኩሎም ተጻወትቲ ኣብ ወሽጢ ሃገረን ዝጻወቱ እየን መሪጸን። ብምግሕባር ኮዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ 'ካፍ' ዝውደብ ውድድር 'ቻን'፡ ፕሮፈሽናላት ተጻወትቲ ዘይሳተፍዎ ሓደ ካብቶም ናይ ኣፍሪቃ ውድድራት እዩ።

ብምኽንያት መበል 34 በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዘተወደበ ግጥም ዝተራኸባ እዘን ሃገራውያን ጋንታታት፡ ጽባሕ ረቡዕ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዳግማይ ክራኸባ እየን።

## ሊግ ዓንሰባ ደቂ ተባዕትዮ፡ ካልኣይ ዙር ግጥማቱ ፈጺሙ

ብምኽንያት ሃገራዊ ውድድር ክለባትን ዋንጫ ናጽነትን ንገለ ሰሙንታት ኣቋሪጹ ዝጸንሐ ሊግ ዓንሰባ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፥ ሰንበት 25 ግንቦት ናይ ካልኣይ ዙርያ ግጥማት ፈጺሙ።

ቀዲመን ዓንሰባን ኣልሳሕልን ተጻዊተን። ንሊግ ዓንሰባ ክትመርሕ ጸኒሓ ዘላ ጋንታ ዓንሰባ፥ ኣብ ወሽጢ 10 ደቓይቕ ካብ ናህም ተኽለማርያም ሽቶ ብምርካብ፥ ፍናና ክበ ኣቢላ። ኣልሳሕል ንዘተመዝገበታ ሽቶ ከተሕዊ ብዘይምኽኣላ ንዕረፍቲ ተመራሒ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ዝተመዝገበ ሽቶ ብዘይምህላዉ ዓንሰባ ብጸቢብ 1ብ0 ተዓዊታ። ናህም ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ካልኣይቲ ጸወታ ንኣልኣሶርን ገዛ ጥንዳን ዘራኸበት ነይራ። ጸወታ 17 ደቓይቕ ምስ ተጻወተ ገዛ ጥንዳ ካብ ዳኒኤል መልኣከ ሽቶ ኣመዝጊባ መሪሕነት ሒዛ። ኣልኣሶር ድማ ንዕረፍቲ ሓደት ደቓይቕ ምስ ተረፎ ብመገዲ የውሃንስ ሃይለ እተመዓራርያ ሽቶ ኣመዝጊባ።

ኣብ ካልኣይ እብረ መትሓዚ ዝተሰኣና ኣልኣሶር፥ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ካብ ረዳእ ወልደሚካኤል፥ ኣብ መበል 67 ደቒቕ ካብ ዓወድ ዳውድ፥ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 73 ደቓይቕ ካብ ሄኖስ ተኽለሚካኤል ሽቶታት ወሲኻ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ብጸፊሕ 4ብ1 ተዓዊታ። ኣቦላ ሓበን መሓመድ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ምርቅኻሉ፥ ወኪል ዜና ሓቢሩ።



## ዱባርዋ - ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

ኣብ ከተማ ድባርዋ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ንሓሙሽተ ሰናብቲ ክካየድ ዝቖየ ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ናኤብ ተስፋኣለም ብ18 ነጥቢ ክዕወት እንከሎ፡ ብእምነት ርእሶምን የናታን ፊልሞንን ብተመሳሳሊ ብ15 ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን፡ ኣሚናዳኣብ ርእሶም 21 ነጥቢ ቀዳማይ፥ ባና ተስፋይ 19 ነጥቢ ካልኣይ፥ ኤሽን ተስፋይ ብ16 ነጥቢ ሳልሳይ ተሰሪዖም። ብጋንታ ድማ፡ ሓደኑት ብ50 ቀዳማይ ክትወጽእ እንከላ፡ ራህዋ ብ31፡ ሰላም 25 ነጥቢ ድሕሪኣ ተሰሪዐን።

ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ድማ፡ 25 ነጥቢ ዝኣከበ ኤሽን ጎይትኦም እዩ ቀዳማይ ወጺኡ። ናትናኤል ጺጋይ 18 ነጥቢ ካልኣይ፥ ሚላዊ ሳምሶን ብ14 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ጋንታ ራህዋ ከኣ፡ ብ50 ነጥቢ ዕወትቲ ዋንጫ ናጽነት ኮይኑ። ሰላም ብ32 ነጥቢ፥ ሓደኑት ብ27 ነጥቢ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን።

ብዘይካ'ዚ፥ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ልዋም ኪደነማርያም 28 ነጥቢ ተዓዊታ። ሳምራዊት ደበሳይ ብ15 ነጥቢ፥ የርሳሌም በረኸት 10 ነጥቢ ተኸቲለናኣ።

ዕዉታት ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ቀዳማይ ዝወጸ ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ክሽለም እንከሎ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ብተኸታታሊ



ብሩርን ነሓስን ተሸሊሞም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ 25 ሚያዝያ ጀሚሩ ክሳላሰል ዝጸንሐ ውድድር ኮዕሶ ሰኪዕት እታ ከተማ'ውን ተፈጺሙ።

ኣብቲ ብሃገራዊ ፌደረሽን ኮዕሶ ሰኪዕት ዝተዳለወ ሽልማት ዝነበሮ ውድድር፡ ሰሰለስተ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ክውዳደራ እንከለዋ፡ ትስፋዋት ተጻወትቲ ዝተራእዩሉ ምንባሩ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ንስሪ ብ133 ነጥቢ ክትዕወት እንከላ፡ ሰላም 64 ነጥቢ፥ ሆርሞዝ ብ56 ነጥቢ ሰዒበናኣ። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሆርሞዝ ብ236 ነጥቢ፥ ንስሪ ብ210 ነጥቢ፥ ሰላም ብ184 ነጥቢ ተመራሪሐን ወዲኣን።

ኣብቲ ውድድር፡ ኤስሮም ሰመረ ካብ ሆርሞዝ፥ ፍረሂወት ወልደገርግሽ ካብ ሰላም ብሉጽ ጸወታ ብምርኣዮም ምሽላሞም፡ ወኪል ዜና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።


### መደብ ጸወታ

ጽባሕ

ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ኤርትራ - ኒጀር 4፡00 ድ.ቀ


ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮጳ ኮንፈረንስ ሊግ

ሪያል በቲስ - ቸልሲ 10፡00ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ሩስያ፡ ኣብ ዩክሬን ዝዓበየ መጥቃዕቲ ፈጺማ



ፕረዝደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ዝኸበደ ምኳኑ ዝተገልጸ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክያዳ ኣብ ልዕሊኣ ተወሰኽቲ እገዳታት ክንብር ከም ዝመደበ ኣፍሊጡ።

እቲ ኩናት ካብ ዝጀመር ንደሓር ዝዓበየ ምኳኑ ዝተገልጸ መጥቃዕቲ ኣየር ሩስያ፡ ናብ ሰንበት ኣብ ዘውግሕ ለይቲ እዩ ተፈጺሙ።

ኣብቲ ኣብ ከተማ ኪየቭን ካልኦት ከተማታት ዩክሬንን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሩስያ 367 ድሮናትን ሚሳይላትን ከም እተጠቐመት ድማ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ብሰንኪ እቲ መጥቃዕቲ፡ ሰለስተ ህጻናት ዝርከብዎም 12 ሰባት ከም ዝተቐትሉ'ውን ሰበ ስልጣን ዩክሬን ሓቢሮም።

ፕረዝደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ድሕሪ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ዓለምን ስቕ ምባሎን ፑቲን ከም ዝ ዓይነት ተግባር ንኽፍጽም የተባብዖ ኣሎ" ክብል ነቒፉ።

ፕረዝደንት ትራምፕ እውን ንፕረዝደንት ፑቲን በቲ ኣብ ልዕሊ ዩክሬናውያን ዝፍጸሞ ዘሎ ደብዳብ ድሕሪ ምሻናኑ፡ ፕረዝደንት ዘለንስኪ ከሉ ካብ ኣፉ ዘውጽኦ ቃላት ነቲ ኩነታት የጋድዶ ስለ ዘሎ፡ ኣዘራርባኡ ክመሓየሽ ጸዊዑ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ድማ፡ ድሕሪቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝቕጸለ ኣርባዕተ ሰዓታት፡ ካብ ዩክሬን ተበጊሰን ንሩስያ ከጥቕዓ ዝፈተና 95 ድሮናት ተወቒዐን ከም ዝበርዓና ገሊጹ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርገይ ሳብያኒን ግን፡ 12 ድሮናት ዩክሬን ጥራይ ብሩስያ ከም ዝተወቕዓ ገሊጹ።

## ወሽመጥ ቓዛ - ብደብዳብ እስራኤል 25 ሰባት ተቐቲሎም

ወተሃደራት እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ - ኣብ ልዕሊ ናብ መዕቆቢ ተመዛቢልቲ ተቐይሩ ዘሎ ሓደ ቤት ትምህርቲ ደብዳብ ብምክያዶም፡ ህጻናት ዝርከብዎም ብውሑዱ 25 ፍልስጤማውያን ከም ዝተቐትሉ ተገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ ወተሃደራት እስራኤል ኣብ ካልእ መዕቆቢ ቦታ ብዝፈጸምዎ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ'ውን ሽዱሽተ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሰዓታት ለይቲ ማለት - እቶም ግዳያት ደቂሶም ከለዉ ከም ዝተፈጸመ ድማ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ሓያለ ህሉያት ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ግዳያት ክይወሰኽ ስግኣት ከም ዘሎ ከኣ ሰብ መዚ ጥዕና ናይ'ቲ ወሽመጥ ይሕብሩ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ምዕራባዊ ጥሞም ኣብ ዝተሃንጸ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ዝቕመጡ እስራኤላውያን፡ ንሓደ ፍልስጤማዊ ስበኣይ ጨወዮም ብምውሳድ ኣብ ልዕሊኡ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ከለዉ፡ ወተሃደራት እስራኤል ድማ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ደብቲ ዝርከቡ ፍልስጤማውያን ናይ ራሰያ ተግባራት ይፍጽሙ ከም ዘለዉ ተገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒስ፡ ወተሃደራት እስራኤል ኣብ ቓዛ ገይሮሞ ዘለዉ ተግባር ኣረሜንነት ዝመልኦ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ዝሁብዎ ዘለዉ ምኽንያት ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ፕረሲደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ንወሽመጥ ቓዛ ዝምልከት ሓደ ጸቡቕ ዜና ክህሉ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ምምሕያሹ ነቲ ኩነታት ደው ንምባል ምስ እስራኤል ዝርርብ ከም ዝጀመረ ኣሚቱ።



## መራሕቲ ቱርክን ፓኪስታንን ርክብ ኣካዪዶም

ፕረዝደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋንን ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸህባዝ ሻሪፍን ኣብ ከተማ ኢስታንቡል - ቱርኪ ተራኺቦም፡ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ መዳያት ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝለወን ምድግጋፍ ኣብ ምሕያል ዘተኮረ ዝርርብ ኣካይዶም።



ፕረዝደንት ኤርዶጋን ምስ መራሒ መንግስቲ ፓኪስታን ርክብ ዘካየድ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን ወተሃደራዊ ግርጭት ድሕሪ ምግጣሙ ድሕሪ ገለ ሰሙናት እዩ።

ድሕሪቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተኻየደ ርክቡ፡ ቤት ጽሕፈት ፕረዝደንት ኤርዶጋን ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ክልቲኤን ሃገራት እንተላይ ኣብ ጽላታት ምክልኻል፡ ጸዕትን መጓዓዝያን ሓቢረን ንምስራሕ ከም እተሰማምዐ ገሊጹ።

ርክብ መራሕቲ ቱርክን ፓኪስታንን ዝተካየደ ዘሎ፡ ቱርኪ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ ክልቲኤን ጎረባብቲ ሃገራት ደቡብ ኤስያ ኣብ ዝተኻየደ ግጭት ንፓኪስታን ኣጸዋር ኣቕሪባ ዝብል ክሲ ካብ ህንዲ ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ቱርኪ፡ ነቲ ካብ ህንዲ ዝቐርብሉ ዘሎ ክሲታት ኣሉታዊ ምላሽ'ያ ትህበሉ ዘላ።

ህንዲ ኣብ ወሽጢ ፓኪስታንን ብፓኪስታን ኣብ ዝመሓደር ክፋል ዞባ ካሽሚርን ኣብ ትሸዓተ ቦታታት ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ቱርኪ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ምስ ፓኪስታን ናይ ምትሕግጋዝ ድሌታት ከም ዘርኣየት እዩ ዝግለጽ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኤውሮጳ ዝወሰነቶ ታሪፍ ተናውሐ

ፕረዝደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ተግባራውነት ናይቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ፍርያት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝወሰኖ ናይ 50 ሚእታዊት ቀረጽ፡ ክሳብ 9 ሓምለ 2025 ንምንዋሕ ከም እተሰማምዐ ሓቢሩ።



እቲ ፕረዝደንት ዚ ዝሓበሩ ምስ ፕረዝደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ - ኡርሱላ ቮንደር ላየን 'ዕዉት' ክብል ዝገለጾ ናይ ቴሌፎን ርክብ ድሕሪ ምክያዱ እዩ።

ኣብቲ ርክቡ ፕረዝደንት ኡርሱላ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ምስ ኣመሪካ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኣብ ንግዳዊ ስምምዕ ንኽበጽሕ ብዕቱብ ከም እትሰርሕ ብምርግጋጽ፡ ተወሳኺ ናይ ዝርርብ ግዜ ክወሃባ ሓቲታ ምህላዋ፡ ፕረሲደንት ትራምፕ ኣፍሊጡ።

እታ ፕረዝደንት፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታታ ኣብ ዝዘርገሐቶ ሓበሬታ'ውን፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ኣዕጋቢ ስምምዕ ንምብጻሕ ተወሳኺ ግዜ ከም ዘድልዮ ገሊጻ።

ፕረዝደንት ትራምፕ ዝሓለፈ 23 ግንቦት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኤውሮጳዊ ሕብረት ካብ ዝመጽእ ወርሒ ሰኔ ተግባራዊ ዝኸውን ናይ 50 ሚእታዊት ተወሳኺ ቀረጽ ከም ዝወሰነ'ዩ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዝደንት ዚ ማጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቦ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝካየድ ዘሎ ንግዳዊ ዝርርብ ምዕባለ ከም ዘይተርኣየ ድሕሪ ምውቃሱ እዩ።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ኤምባሲኣ መጥቃዕቲ ክካይድ ዝፈተነ ሰብ ቀዪዳ

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ሓደ ዜግነት ናይ ኣመሪካን ጀርመንን ዘለዎ መንእሰይ ኣብ ከተማ ተልኣቪቭ - እስራኤል ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ክኪይድ ብምፍታኑ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተወ ተሓቢሩ።

ሰበስልጣን ኣመሪካ፡ ነቲ ወዲ 28 ዓመት ጆሴፍ ኖይማየር ዝተባህለ መንእሰይ፡ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ጆን ኤፍ ኬኔዲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተውዎ ገሊጾም።

ኖይማየር፡ ኣብ ጥቓ እቲ ኤምባሲ ኣብ ቦርሳኡ ኑታጉ ሓቢኡ ድሕሪ ምርካቡ እዩ ብሰበስልጣን እስራኤል ተታሒዙ ንኣመሪካ ተረኪቡ።

እቲ ጥርጡር፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ቤት ፍርዲ ከም ዝቐረበ'ውን ክፍሊ ፍትሒ ኣመሪካ ኣፍሊጡ።

እቲ ጥርጡር ቅድሚ ምእሳሩ ቅድሚ ገለ መዓልታት፡ ሓደ ካልእ ዕጡቕ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብ ዝርከብ ቤተ መዘክር ኣይሁድ ንኽልተ ኣባላት ኤምባሲ እስራኤል ከም ዝቐተለ ይፍለጥ።

ኖይማየር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ናብ እስራኤል ድሕሪ ምኻዱ፡ ኣብ 19 ግንቦት ተተኳሲ ነገራት ሒዙ ናብቲ ኣብ ተልኣቪቭ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ከም ዘምርሐ፡ ሰበስልጣን እስራኤል ሓቢሮም።

ሓደ ኣባል ጸጥታ ናይቲ ኤምባሲ ክሕዞ ኣብ ዝፈተኖ ድማ፡ ክፍንጀር ዝኽእል ተባራዒ ጭኡታ ዝሓዘ ጠርሙዝ ኣብ ቦርሳ ጉዲፉ ከም ዝሃደመ ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ሰንበት ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝተመለሰሉ እዋን ድማ ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብኦት ጸጥታ ኣመሪካ ኣትዩ።

ንሱ፡ በቲ ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲ ገበነኛ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ክሳብ 20 ዓመት ዝጸንሕ ማእሰርቲ ክጸንዮ ከም ዝኽእል፡ ሰበ ሞያ ሕጊ ናይ'ታ ሃገር የረድኡ።



ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም
ዕለት: 27/05/2025
ጎደና: ጎደና ሰላም ቁ. ገዛ 47
ቁ.ስልኪ: 122350
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services